# ሓዳስ ኤርትራ


መበል 35 ዓመት ቁ.215 | ቀዳም 9 ግንቦት 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 5
ዝኽሪ ባዛሚ ኩናት ጉዕዞ ኣሃዱና ናብ ኣስመራ


ገጽ 7
ምልክታ

ገጽ 10
ካብ ደቂ ኣንስትዮ ዓለም


ገጽ 11

ናሆም፡ ደረጃኡ ኣመሓይሹ

# ኤርትራውያን ማሕበረኮማት ኤውሮጳን ስዑድያን፡ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ኣካዪዶም



ኣብ ስዊዝርላንድ፡ ኣውስትራልያ፡ ጀርመንን ስዑዲ-ዓረብን ዝርከቡ ኤርትራውያን ማሕበረኮማት፡ ኣብ ምብራኽ ንቕሓት ኣባላት፡ ምሕያል ውዳበታት፡ ከምኡ'ውን ምድንፋዕ ሃገራዊ መደባት ዘተኮረ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ኣካዪዶም።

ብምስራት ኮኣብ ቦትኡ ዝበጽሓና ሓበሬታ፡ ማሕበር ሞያውያን ኤርትራውያን ኣብ ስዊዝርላንድ፡ ብ3 ግንቦት ኣብ ከተማ ዙሪክ ማስራቲ ኣኼባ ኣካይዶ።

ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ስዊዝርላንድን ቀዋሚ ልኡኽ ኣብ ውድባት ሕቡራት ሃገራትን ካልኦት ኣህጉራውያን ትካላትን ኣብ ጀኔቫ ኣቶ ሃብተየም ዘርኣይ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ውዳብ ንዓቕሚታት ናይ ምርባሕ ዕዙዝ ተራ ከምዘለዎ ብምጥቃስ፡ እዚ ናይ ሞያውያን ውዳብ ምስ'ተን ካልኦት ውዳባታት ብስጥመት እናሰርሐ፡ ኤርትራዊ ዓቕምታት ኣብ ምሕያልን ሃገራዊ ረብሓታት ኣብ ምስጋርን ልዑል እጃም ክበርክት ዘለዎ እምነት ዓቢ ምዃኑ ገሊጹ።

ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ እስማዒል መሓመድ-ኑር ብወገኑ፡ መስርሕ ምምስራት ማሕበር ካብ ሓሳብ ክሳብ ግብሪ ቀሊል ከምዘይነበረ ብምጥቃስ፡ ማሕበር ሞያውያን ኤርትራውያን ኣብ ስዊዝርላንድ ናብዚ መድረኽዚ ምብጽሑ፡ ፈላሚ ቅኑዕ ስጉሚ ናብ'ቲ ክበጽሖ ዝደሊ ሸቶ ከምዝኾነ ሓቢሩ።

ግዝያዊ ኣቦመንበር ማሕበር ሞያውያን ኤርትራውያን ኣብ ስዊዝርላንድ መንእሰይ ኢሳይያስ ሓድጉ ድማ፡ እቲ ዕላማ - ኤርትራዊ ሞያዊ ዓቕሚ ኣወሃሂድካ፡ ሃገራዊ ኣበርክቶ ንምዕባይ፣ ብፍላይ ድማ መንእሰያትን ኣብ ድያስፖራ ተወሊዶም ዝዓበዩ ቁልዑን ጠመተኦም ናብ ሃገሮም ንኸቕንዑ ንምምእዛን ከምዝኾነ ኣብሪሁ።

ደጋፊ ቃልሲ ኤርትራ ንነዊሕ እዋን ናይ ክብሪ ቈንስል ኤርትራ ኣብ ስዊዝርላንድን ዶ/ር ቶኒ ሎኸር ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ህዝባዊ ግንባር ንብደሆታት፡ ተጻብኦታትን ጸገማትን ብስጡም ውዳቡን ጽንዓትን ዝሰዓረ ውድብ ስለዝኾነ፡ ኤርትራውያን ነበርቲ ስዊዝርላንድ ከም ኣካል ናይዚ ውርሻዚ፡ ምስ ኤምባሲኦም ብጥምረት ብምስራሕ፡ ብብደሆታት ስይቲ ከይተጻዕዱ ሃገራዊ እጃሞም ከዕዘዙ መድረኽ ዝጠልቦ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ምቛም ማሕበር ሞያውያን ዋላ'ኳ እንተደንጎየ፡ ሞያዊ ብቕዓቶም ናብ ሃገራዊ ረብሓታት ንኸውዕልዎ ጥጡሕ ባይታ ዝፈጥር ስለዝኾነ፡ ዝያዳ ክሕይል ተላቢዮም።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ንኣባላት ማሕበረኮም፡ ውዳበታት ህግደፍ፡ ሃማደኤን መንእሰያት ህግደፍን ኣብ ከተማታት ፐርዝ፡ መልበርን፡ ኣደላይድ፡ ብሪዝበንን ሰድኒን - ኣውስትራልያ፡ "ሓድነትናን ማሕበራዊ ስነትናን ዋሕስ ህላወና" ብዝብል ቴማ፡ ህዝባዊ ሰሚናርን ናይ ስራሕ ገምጋምን ተኻዪዱ።

ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ ያሲን ዑመር ድማ፡ ኣብ ቈንስላዊ ኣገልግሎታት፡ ኣፈታትሓ ግርጭታትን ምሕደርኡን ዘተኮረ መብርሂታት ሂቡ።

ጠቕላሊ ቈንስል ኤርትራ ኣብ ኣውስትራልያን ኒውዚላንድን ኣቶ እንድርያስ ኣብርሃም ብወገኑ፡ ዝተዋህበ መምርሒታት ስራሕ ብኣተኩሮን ምስትውዓልን ክትግበር ከምዝኾነ ጠቒሱ፡ ውዳበታቶምን ሓድነቶምን ኣሐይሎም፡ ኣብ ልምዓታዊ መደባት ኣበርክቶኦም ከዕዝዙ ተላብዩ።

ብኻልእ ወገን፡ ሃማደኤ ጨንፈር ጀርመን ብ25ን 26ን ሚያዝያ፡ መበል 22 ጉባኤኡ ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ኣካይዱ።

ኣብ'ቲ ወከልቲ 24 ንኡስ ጨናፍር ዝተሳተፉሉን ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ጀርመን ኣቶ የሃንስ ወልዱ ዝተረኽበሉን ጉባኤ፡ ጸብጻብ ናይ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመታት ዝተሰላሰለ ዕማማት ክቐርብ ከሎ፡ መንእሰያት ደቂ ኣንስትዮ ንምጥርናፍ ብዝለዓለ ክስራሕ ኣብ ምርድዳእ ተበጺሑ።

ኣደ-መንበር ሃማደኤ ዞባ ኤውሮጳ ወ/ሮ ንግስቲ ጸጋይ ብወገና፡ 'ምሕደራ ውጥን ግዜ' ብዝብል ኣርእስቲ ንተጋባእቲ ኣስተምህሮ ሂባ።

ኣብ መወዳእታ፡ ንዝመጽእ ሰለስተ ዓመታት ዝሰርሕ መርሓ ጉጅለን ተዋሊዩን ኣካየዲት ኣካል ተመሪጹ።

ብተመሳሳሊ፡ ንመራሕቲ ንኡስ ጨናፍርን ጉጅለታትን ሃማደኤን መንእሰያትን ኣብ ጅዳ - ስዑዲያ፡ ካብ 20 ክሳብ 30 ሚያዝያ፡ መባእታ ስነ-ሓሳብን ፖለቲካ፣ ስነ-ኣእምሮኣዊ ኩነታትን መኸተናን፣ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ፣ ኣድላይነት ግደ ውደባ፣ ሃይማኖትን ሃይማኖታዊ ጥሩፍነትን፣ ሃገራዊ ቻርተር፣ ውድባዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ፣ ሃገርን ሃገራውነትን፣ ባህርያትን መለለይን ካድርን ዘጠቓልል መባእታ ስልጠና ካድር ተዋሂቡ።

ኣብ መዛዘሚ ስነ-ስርዓት፡ ጠቕላሊ ቈንስል ኣቶ ዓብደልራሕማን ዑስማንን ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ ኣሕመድ ጃዕፈርን፡ ኣገዳስነት ካድር ኣብ ምሕያል ኤርትራዊ ውዳበታት ድሕሪ ምግላጽ፡ ዝቐሰምዎ ስልጠና ብኣድማዕነት ክየጽሉ ተላቢዮም።

ብዘይካ'ዚ፡ ካብ 18 ክሳብ 25 ሚያዝያ ኣብ ምሕያል ውዳበታት ዘተኮረ ዓውደ-ዘተ ኣብ ጅዳ ከምእተኻየደ፡ እቲ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣረዲኡ።

ጽንዓትና ዋሕስና! !صمودنا... ضماننا
OUR RESILIENCE: OUR GUARANTEE!

ዜና

# ደቀምሓረ - ኣባላት ሃማደኤ ፓርክ ሰማእታት በጺሖን



ብደቀኣንስትዮ ሰራሕተኛታትን ነበርቲ ኣርባዕተ ምምሕዳራት ከበቢን ዝተወከላ ኣባላት ቦርድ ሃማደኤ ን/ዞባ መንደፈራ፡ ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ኣብ መስርሕ ህንጻት ንዝርከብ ፓርክ ሰማእታት ብምብጻሕ፡ ኣበ'ቲ ስራሕ ንዝርከቡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል እንግዶት ገይረን።

ብ6 ግንቦት ኣብ ዝተኻየደ ምብጻሕ፡ ኣካያዲ ስራሕ ምኽትታል ሓወልትታት እዚ፡ ማእከል ተጋዳላይ ሕሰቡ ሓድሽ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እቲ ስራሕ ካብ ዝጀመር ሰለስተ ዓመት ኣቑጺሩ ከምዝኾነ፣ ብመሰረት ዝወጸሉ ንድፊ ድማ፡ ሰፊሕን ዘድሊ መሳለጥያታት ዝተማልኣሉን ኮይኑ ንኽፍጸም ብዕቱብ ይሰርሑ ከምዝሎ ኣረዲኡ።

ኣዛዚ እዚ ማእከል ብርጋዴር ጀነራል ተኽለ ክፍላይ ብወገኑ፡ መቓብር ሓርበኛታት - ሰድ ታሪኽን መወከሲ ወለዶታትን ስለዝኾኑ መንግስቲ ብዕቱብ ሓዚ ዞ ይሰርሓሉ ከምዝሎ ብምግላጽ፡ ተመሳሲ ሓወልትታት ኣብ ሰንዓፈ፡ ጾሮናን ዓዲ-ኳላን ይሰርሑ ከምዝሎ ኣፍሊጡ።

ኣደ-መንበር ቦርድ ሃማደኤ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ወ/ሮ ግደይ ግርማይ ድማ፡ ዕላማ ናይ'ቲ ምብጻሕ፡ ኑቶም ኣብ ምውሓስን ህንጸትን ሃገር ተዋፊሮም ዘለዉ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ንምትብባዕ ከምዝኾነ ጠቒሳ፡ ህንጸት ፓርክ ሰማእታት ደቀምሓረ መርኣያ ናይ'ቲ ኣብ ታሪኽናን ሰማእታትናን ዘሎና ኣኽብሮት ምዃኑ ኣገንዚባ።

እቲ መደብ፡ ጉጅለ ባህሊ እግሪመኽል ብዘቕረበቶ መሰናድኦ ደሚቑ ምንባሩ፡ ወከልቲ ኤሪና ሓቢሩ።

---

# ሓመልማሎ - ናይ ፈለማ ምርኢት መጽሓፍቲ ተኣንጊዱ

ብሃማመተኤ ዞባ ዓንሰባ ዝተወደበ ምርኢት መጽሓፍቲ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ሓመልማሎ ንፈለማ እዋን ብ6ን 7ን ግንቦት ተኣንጊዱ።

ሓላፊ ሃማመተኤ ኣበ'ቲ ንኡስ ዞባ መንእሰይ ጀማል ወልዲት ኣብ ዝሃቦ መብርሂ፡ ንኣጉዳስነት ናይ'ቲ መደብ ብምጥቃስ፡ ተመሃሮ፡ መማህራንን ነበርትን ከምዝሳተፍዎ ንምግባር ዝተኻየደ ኣሰራሪት ውጽኢታዊ ከምዝነበረ ገሊጹ።

መጽሓፍቲ ንምልላይን ንምሻጥን ዝውደብ ቅኑ ባህሊ ንዋብ ንምኽሳሉ ከምኡ'ውን ንጽሓፍቲ ንምትብባዕ ሓጋዚ ስለዝኾኑ፡ ዓመት መጸ ንምቕጻሉ ብኣተኩሮ ከምዝሰርሕ ድማ ኣብሪሁ።

እቲ ንምርኢትን መሸጣን ዝቐረበ መጽሓፍቲ፡ ታሪኽ ሓዚል፡ ኣካዳሚያዊ፡ ፍልስፍና፡ ልቢ-ወለድን ካልእን ዘጠቓልል'ዩ ነይሩ።

መማህራን ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ባህሊ ንዋብ ንምስሳን ልዑል ተራ ዘለዎ ቅነ መጽሓፍቲ ኣብ ንኡስ ዞባኦም ምኪያዱ ዝተሰመዖም ሓጎስ ብምግላጽ፡ ቀጻልነቱ ዝውሓሰሉ ባይታ ክጥጠሓ ተማሕጺኖም።

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ "ፍልጠት መሰረት መጻኢትን ምዕባለን" ብዝብል ቴማ ዝቐደ ዘሎ 6ይ ቅነ መጽሓፍትን 3ይ ቅነ ምህዞን ሰንዓን፡ ካብ 30 ሚያዝያ ክሳብ 10 ግንቦት ብዝበንኡስ ዞባኡ ክቕጸል ምዃኑ፡ ካብ ኣወሃሃድቲ ዝተረኽበ ሓበሬታ የረድኡ።



---

# ኣብ ናጽነት ዝተሰርሓ ከዘንቲ ማይ፡ ኣብ ሕርሻዊ ልምዓት ዓቢ ድርኺት ከምዝፈጠራ ተሓቢሩ

ኣብ ዝሓለፈ 35 ናይ ናጽነት ዓመታት ዝተሰርሓ ከዘንቲ ማይ፡ ኣብ ሕርሻዊ ልምዓት ወሳኒ ተራ ይጻወታ ከምዘለዋ፡ ጸብጻብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ሓቢሩ።

ብመሰረት'ቲ ጸብጻብ፡ ኣብ ፈለማ ዓመታት ናጽነት ኣስታት 130 ጥራይ ዝነበረ ቁጽሪ ዲጋታት፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ብልዕሊ ሸዱሽተ ዕጽፊ ብምውሳኽ 850 በጺሑ'ሎ።

እዘን ካብ ደረጃ ስትራተጅያውያን ዲጋታት ክሳብ መጠነ ንኡስ ዲጋታትን ዲጋ ከትርን ዝዘርጋሓ ከዘንቲ ማይ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ንሰብን ጥሪትን ዝፈጠርኦ ሩፍታ፡ ንልምዓት ኣሕምልቲ ብልዕሊ ሸዱሽተ ዕጽፊ፣ ንልምዓት ፍረታት ድማ ብልዕሊ 70 ዕጽፊ ከምዝዐበያ፡ እቲ ሓበሬታ ብዝወሰኸ ኣፍሊጡ።

ኣብ መላእ ሃገር ዝርከቡ ተጠቀምቲ ናይ'ዘን ከዘንቲ ማይ ብወገኖም፡ ኣብ ምርሃው ሽግር ዝሰተ ማይ ሰብን ጥሪትን ከምኡ'ውን ኣብ ምስፋሕ ልምዓት ጀራዲንን ምስሳን ኣሕምልትን ፍረታትን ዓቢ ኣስተዋጽኦ ይገብራ ከምዘለዋ ይምስክሩ።

ኤርትራ እትርከበሉ ኣከባቢ፡ ብዑሃርዩኡ ንደርቅን ምድረበዳትን ዝተቓልዐ ብምዃኑ፡ መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ንምዕቃብ ሓመድን ማይን ከምኡ'ውን ምስራሕ ከዘንቲ ማይ፡ ካብ ዓበይቲ ቀዳምነታት ሰሪዖም ብንጥፈት ክሰርሑሉ ጸኒሖም ኣለው።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ዝሓለፈ 35 ዓመታት ዝተሳለሰ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን፡ ልዕሊ 293 ሽሕ ሄክታር ኣብ መሬት ሕርሻ፣ ልዕሊ 135 ሽሕ ሄክታር ኣብ ማይክዖታት፣ ከምኡ'ውን ልዕሊ 6.2 ሚልዮን ሜትሮ ከቦ ከትርታት ከምዝጠቓለለ፡ ጸብጻብ ሚኒስትሪ ሕርሻ የረድእ።

---


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቁ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቁ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቁ.ሳ.ጾ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም | ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ | ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቁ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቁ.ስ. 125013 - ቁ.ሳጾ. 1284


---

# ጋሽ-ባርካ - ንኣተሓሕዛ ንብረትን ሰነዳትን ዝምልከት ስልጠና ተዋሂቡ

ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ብ3 ግንቦት ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ንዝርከቡ ኣባላት ምምሕዳርን ፋይናንስን ከምኡ'ውን ርእሰ-መማህራን፡ ኣብ ኣተሓሕዛ ንብረትን ሰነዳትን ዘተኰረ ስልጠና ወዲቡ።

ሓላፊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ናይ'ቲ ጨንፈር ኣቶ እስቲፋኖስ ሃብተጽዮን፡ ኣብ ምሕደራ ንብረትን ገንዘብን፡ መምርሒታት ዕድግን ኣገባቡን፡ ከምኡ'ውን ኣቀራርባ ጸብጻብ ቀዋሚ ንብረትን ሰነዳትን ክርአ ዝጸንሐ ሕጽረታት ንምእራም ዝዓለመ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ሓላፊ ኣብያተ-ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ተሰነይ መምህር ኣደም በሽር ብወገኑ፡ ስልጠንቲ ኣብ ምምሕዳርን ምምእዛዝን ዘለዓለ ሓላፍነት ስለዘለዎም፡ ንዝቐሰምዎ ፍልጠት ብግቡእ ክሰርሑሉ ኣዘኻኺሩ።


ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ኣቶ ሰዩም ገብረእየሱስ ድማ፡ ይዕበ ይንኣስ ዝንቀሳቐስ ንብረትን ገንዘብን ምዕሩይ ኣተሓሕዛ መታን ክህልዎ፡ እቲ ስልጠና ኣገዳሲ ከምዝኾነ ሓቢሩ።



# ኮርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩ'ኽ
surafealtesfabruk@gmail.com

## ካብቲ ድንቂ ኒኮላስ ተስላ 5 ንህይወትና እንቐስሞ ምህሮ፡ 1ይ



ተስላ ዝተሰምዖ፡ ዘመናውያን ናይ ኤለክትሪክ ማካይን ዘፍሪ ትካል ከም ዘሎ ሰሚዕኩም ትኾኑ። እዚ ተስላ ዝተሰምየ ብተክኖሎጂ ዝተሰንጠቐ ትካል፡ ንዝኽሪ ዓቢ ስነ ፍልጠተኛን መሃዝን ኒኮላስ ተስላ ዝተሰምየ እዩ። ኒኮላስ ተስላ፡ ንዓለም እዚ ዘይብሃል ፍልጠት ሂቡዋ እንክነሱ፡ ክመውት እንከሎ በይኑ ኣብ ሓንቲ ክፍሊ ናይ ዝነብረላ ዝነበረ ሆቴል'ዩ ዓሪፉ፣ ቀያሕ ሳንቲም ዘይብሉ። ሳንቲም ዘይብሉ፡ ኣፍቃሪ ረጋቢት ምዃኑ ይገልጽ ነበረ። "ከምቲ ሓደ ወዲ ንሓንቲ ጓል ገይሩ ዘፍቅራ'የ ርግቢተይ ዘፍቅራ፣ ንሳ'ውን ከምኡ፡" ክብል ኣብ ናይ መወዳእታ ቃለ መሕትቱ፡ ምስ ርግቢቱ ዝነበሮ ፍቕሪ ገሊጹ። እንተኾነ፡ ታሪኽ ኒኮላስ ተስላ እዚ ጥራይ ኣይኮነን። ሽሕ'ኳ ኣብ ቁራሪ ሃዋህው ህይወቱ እንተ ኣብቀዐ፡ ኣብ ታሪኽ ደቂ ሰብ፡ ኣዝዩ ምርኡይ ምህዞታት እናበርከተ ዝሓለፎ 86 ዓመታት ኣሎዎ። ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ሕታማት'ዚ ዓምዲ ዝተገልጸ፡ ልዕሊ 300 ናይ ምህዞ ዋንነት ዘሎዎ፡ ንብዙሕ ናይ ዘመንና ተክኖሎጂ መሰረት ዝኾነ ብርቂ ምህዞታት እዩ። ኤለክትሪክ ሞተረ፡ ራድዮ፡ ፍሎረሰንት ኣምፑል፡ ለይዘር፡ ሪሞት ኮንትሮልን ተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክን ገለ ካብቲ ብቐረባ ክጥቀስ ዝኽእል እዩ።

ናይ ተስላ ብልሒ፡ ምስ ብዙሕ ዘካትት ጊንጥነቱ ይተሓሓዝ እዩ። ጊንጥነት ተስላ፡ መወዳእታኡ ከም ዘይኣጥዓሞ ይግለጽ'ኳ እንተኾነ፡ ነቲ ቀዲሙ ዝተጠቐሰ ምህዞታቱን ርኽበታቱን ግን ወሊዱ እዩ። እዚ 'ዘይተገርሐ' ቅሻረቱ፡ ነቶም ኣብዚ ሰዓት እዚ ዘለና ደቂ ሰብ፡ ዕምሪ ምሉእ ዝኸይድ ናይ ፈጠራውነት መንፈስ ከመይ ገይርና ከም እነጥሪ ዝምህር፡ ብዋጋ ዘይዕቀን ትምህርቲ ገዲፉልና እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ሕታምና፡ 'ዘይምፍራሕ' ዝብል ካብ ተስላ ካብ እንምሃሮ 5 ኣምራት ወይ ልምድታት ሓደ ርኢና ነይርና። ንሎሚ ዝተረፈ ኣርባዕተ ይስዕብ፤

### 2. ዘይምሕላል ዋጋ ከም ዘሎዎ ምእማን

ኒኮላስ ተስላ ካብ ፈለማ ንእስነቱ፡ ኣብ ኣእምሮኡ ብርቱዕ ጸዓት ዝነበሮ እዩ። መንእሰይ ተስላ፡ ኣብ ዶባት ኣሜሪካን ካናዳን ካብ ዘሎ ወሓይዝ ኒያጋራ፡ ሓይሊ ኤለክትሪክ ክሓፍስ ሓሊሙ። ኣብ ከባቢ 30 ዕመት ዕድመኡ ናብ ኣሜሪካ ኣምሪሑ። ሓይሊ ኤለክትሪክ ንነዊሕ ርሕቀት ከም ዝጉዓዝ ንምግባር፡ ብ1887 ንተቐያያሪ ዋሕዚ ኤለክትሪክ ምሂዙ። እንተኾነ ክልሰ ሓሳብ ተስላ ብቐጥታ ተቐባልነት ኣይረኸበን። ድሕሪ ሽዱሽተ-ሸውዓተ ዓመት ናይ ዘይምሕላል እዋናት ናብ ፈላጣትን ህዝብን ንምርኢት ከቕርቦ ክኢሉ። ካብ ትጽቢት ብዙሓት ወጻኢ ከኣ ብኸሉ መለኪዒታት ድንቂ ነበረ። ተስላ፡ ኣብቲ ን25 ሚልዮን በጺሑቲ ዘቕረቦ ምርኢት፡ ኣብ ቺካጎ ምሉእ ካብ ዝነበረ ኣምፑላት ዝበዝሕ ኣምፑላት ኩብርህ ክኢሉ። እቲ ንሰብ ዛያዳ ዘደነቐ ግን፡ ብዘይ ገመድ ኢለትሪክ (ገመድ ኣልቦ ልክዕ ከም ሞባይላትና) ኣምፑላት ኩብርህ ምኽእሉ እዩ።

ተስላ፡ ነዚ ኣብ ፈላማ ተቐባልነት ዘይረኸበ፡ ተቐባልነት ክሳዕ ዝረክብ'ውን ግዜ እንተ ወሰደ ሓሳቡ ተስፋ ቈሪጹ ኣይገሰፎን። ተስፋ እንተ ዝቈርጽ፡ እቲ ንሚልዮናት ዘደነቐ ምርኢት ኣይመካየዶን፣ ንዓለም እውን እዚ ውዕለቱ ኣይመሃባን። ተስላ፡ ነታ ኣብ ህይወቱ ሓንቲ መዓልቲ ክትመጽእ ምዃና ዝኣመና መዓልቲ ከይተሓለለ እዩ ተጸብዩዋ።

### 3. ነብስኻ ምቕባል

ማርክ ዙከርበርግ፡ ወናኒ ካብ ዝዓበየ መደበራት ማሕበራዊ መድያ፡ ኩሉ ግዜ ፎኩስ ናይ ሰራሕ ዩኒፎርም ተኸዲኑ እዩ ስርሑ ዝኣቱ። ንሱ፡ ክዳን ንምምራጽ ዝጠፍእ ግዜ ብምቑጣብ ኣፍራይነቱ ንኽዓቢ ከም ዝሕግዞ ይዛረብ።

ማርታ ስተዋርት ዝተባህለት ብዓልቲ ዋኒን፡ ደራሲት፡ ሞዴልን ናይ ተለቪዥን ኣዳላዊት መደብን ዝኾነት ብዓልቲ ሃብቲ፡ ኩሎም ኣባላታ ጸሊምን ቀይሕን ዩኒፎርም ክኸደኑ፡ ምሸት ካብ ስራሕ ክወጽኡ እንከለዉ ከኣ ጣውላኦም ኣጽሪዮም ከም ዝወጽኡ ትገብር። ነቲ ንድፊ ናይ ትካላ ውህደት ንኸይጥፍኣሉ ከምኡ ከም እትመርጽ ትሕብር።

ክራይግ ኩፐር፡ መስራቲ ቦስት ሞባይል፡ ነፍሲወከፍ መዓልቲ ሓሙሽተ ታኒካ ዕሹግ ሳርዲን ብምብላዕ ይፍልጥ። "እዚ ማዕከን ጸዓት እዩ። ኣብ ቅድሚ ኩሎም ዝረኽቦም ሰባት ከኣ ዝለዓለ ሰባኺ ሳርዲን እየ፡" ይብል።

ብዙሓት ሰባት ዝተፈላለየ ባህርን ዝመርጹዎ ኣገባብን ኣሎዎም። እንተ ንምልኣት ጥዕናኦምን ብቕዓቶምን ክብሉ፡ እንተ ንኣፍራይነቶምን ትካሎምን ክብሉ ነናቶም ኣገባብን ልምድን ኣሎዎም። እቲ ገለኡ፡ ምስ ጸጋኦምን ብቕዓቶምን ብምንጽጻር እንተ ሓሲብካሉ፡ ስጊንጥርነት ደሚቑ ይርአ። እዚ ከምዚ ዝበለ ፈንታ ወይ ኣመል፡ ምንጪ ዓወቶም ኰይኑ ይጸንሕ። ብኸምዚ ዓይነት ልምድን ፍሉይነትን ካብ ዝጠቀሱ ሰባት እቲ ዝዓበየ ስ'ላም ዘልዕል ኒኮላስ ተስላ እዩ። ተስላ፡ ተኣፋፊ እዩ ነይሩ። ብዘይካ'ቲ ኣብዚ ዓምዲ ቀዲሙ ዝተጠቐሰ ንሰቍሬን ደቂ ኣንስትዮ ዝነበሮ ተኣፋፍነት፡ ከም ድሙ ድቃሱ ሓጻር እያ ዝነበረት። ልዕሊ ክልተ ሰዓት ደቂሱ ከም ዘይፈልጥ እዩ ዝነግር። ናብ ዝኾነ ናይ ድራር ይኹን ካልእ ዕድመ፡ ጻዕዳ ኢደ በጃ (ጓንቲ) ገይሩ ይኸይድ። ነቲ ጽፉፍ ኣከዳድናኡ ኣመና ይኹርዓሉ። ኣብ ገለ እዋን እውን ድሩቕ መግቢ ምባልዕ ገዲፉ፡ ጸባን ጽማቝ ኣሕምልትን ጥራይ ክምገብ ይመርጽ ነይሩ። በቲ ግዜ ተበሃጊ ቍመናን መልክዕን እንከለዎ፡ ዳርጋ መኒኑ፡ ምስ ደቂ ኣንስትዮ ዝኾነ ዝምድና ኣይገበረን። እዚ መነናኡ ንፈጠራውነቱ ከም ዘዕበዮ ከኣ ይዛረብ። ከምኡ ምዃኑ ከኣ የኹርያን ናቱ ምኽንያት ይህቦን።

እቲ ንኣኻ፡ ከምዚ ዘለኻዮ ክትከውን ዝገበረ ቅሻረትካ፡ ንስነትካ፣ ካብ ኣመልካ ክሳብ ኣገባባትካ፡ ምስ ሰብ ምስናይ ክሳብ ዘይከልኣካ፡ ነቲ ትገብሮ ኣብሊጽካ ክትገብሮ የኽእለካ ካብ ኮነ ኣይትሕደጎ።

### 4. ንምሕሳብን ምምርማርን ግዜ ምሃብ

ናይ በይንና ግዜ ኣሎናዶ፧ ንበይንና፡ ጠቒልልንና ንበይንና፡ እነሕልፎ ግዜ ክንደይ ይኸውን፧ ዋላ ኣመና ሓፋራት ንኹን፡ ወይ'ውን ዋላ እቶም ኣመና ሓፋራት እዮም ኢልና እንገልጾም ሰባት፡ ካብቲ ክንግምቶ ንላዕሊ ምስ ሰብ፡ ኰነታትን ንብረትን ምትሕሓዝ ኣሎዎም። እቲ ናይ በይኖም ግዜ ካብቲ እንሓስቦ ዝያዳ ውሑድ ኩይኑ'ዩ ዝጸንሕ። ብ2018 ኣብ ኣሜሪካ ኣብ ዝተገብረ መጽናዕቲ፡ ዓቕሚ ኣዳም ዝበጽሑ ኣሜሪካውያን፡ ኣብ መዓልቲ 11 ሰዓታት ኣብ ምዕዛብ፡ ምንባብ፡ ምስማዕን ካልእ ምስ መድያ ዝተሓሓዝ ጉዳያትን የሕልፉዎ። ነዚ ንቡር ሰዓታት ድቃስ፡ ምስ ሰባት ዝገብሩዎ ርክብ ምስ ኣዕሩኽ፡ ስድራን ካልእን ደሚርካ፡ በይኖም ዝኾኑሉ ግዜ ከትግምት ኣጸጋሚ እዩ።

ንሕና'ውን ኣብ መዓልቲ ኣብ ሻሻት ተለቪዥናትን ሞባይላትን ተተኺልና እንዕዘበሉ ግዜ፡ ኣብ ምንባብ፡ ምምሃርን ምስትምሃርን፡ ምዝንጋዕ፡ ምስማዕ፡ ርክባት ምስ ሰባት፡ ድቃስን ካልእ ዝጸምድ ጉዳያትን ክንደይ ሰዓታት ነጥፍእ ንኸውን፧ በዚ መንጽር፡ ናይ በይንና ግዜ ንመዓልቲ ክንደይ ይህሉወና የኸውን፧ በይንና ምዃን ክንብል እንከለና፡ ካብ ሰብ ተፈሊና በይንና ምዃን ጥራይ ኣይኮነን፣ ካብ ሞባይልና፡ ተለቪዥንና፡ ራድዮናን ድቃስናን እውን እዩ፣ ኮታ ካብ ኩሉ እንዕዘቦን እንሰምዖን ብሕት ኢልና ነሕልፎ ግዜ ኢና ንዛረበሉ ዘለና። እዚ ብሰብን ንጥፈትን ዝተኸተኸ መዓልትና፡ ንፈጠራውነትና ብሉታ ከም ዝጸልዎ ይግለጽ እዩ።

ተስላ፡ ብዙሕ ናይ በይኑ ግዜ ከም ዝነበሮ፡ እታ ዝዓረፈላ መዓልቲ እውን ኣብ ዝድቅሰላ ክፍሊ ናይ ሓንቲ ሆቴል ንበይኑ እንከሎ ከም ዝሞተ ተኸታቲልና ነይርና። ተስላ፡ ኣብ ሓይሊ በይንኻ ምዃን፡ ኣብ ሓይሊ ጽምዋ ልዑል እምነት ነበሮ። "በይንኻ ምዃን፡ ምንጪ ምህዞ እያ። ሓድሽ ሓሳባት ኣብ በይንኻ ምዃን'ዩ ዝውለድ፡" ይብል ተስላ።

ኣብ መዓልቲ ካብ ዘሎ ሰዓታት፡ ኣድህቦና ብዝሰርቑ ንጥፈታት ዝተኸተኸ እዩ። በይንኻ ኴንካ ንምሕሳብ፡ ምስትንታን፡ ምምርማርን ምፍጣርን ዘዕንቅጽ ብዙሕ ንጥፈታት ኣሎና። ተሳል፡ በዚ ኣርእስቲ ክዛረብ እንከሎ፡ ክሓስብን ክመራመርን ዘኽእሎ ናይ በይኑ ግዜ ምንጪ ናይቲ ኩሉ ስነ ፍልጠታዊ ኣበርክቶኡ ምዃኑ ይገልጽ። "ኣብ ቍልዕነተይ፡ በይነይ ክኸውንን ኣብ ነብሰይ ከድህብን ተገዲደ እየ። እዚ ንብዙሕ ስቓይ ወሲዱኒ እዩ። ሕጂ ክሓስቦ እንከለኹ ግን ጸጋ'ዩ፣ ጕልቡብ ምረቓ እዩ። ኣስተንትኖ ኣብ ህይወት ዘሎዎ ኣገዳስነትን መገዲ ፈጠራውነትን ምዃኑ ብኽሕሰብ ዘይከኣል መገዲ ተመሃረሉ እየ፡" ብምባል እቲ ኣብ ቍልዕነቱን ምስ ዓበየን ዝሕለፎ ብዙሕ ናይ በይኑ ግዜ፡ ልክዕ ከም በለስ እሾኹ ሰጊሩ ምቁር ከም ዝረኸበ ይገልጽ።

ካብቲ ንቡር ንብዙሕ ሰዓታት ካብ በይንኻ ምዃን ዘብኩር ንጥፈታት፡ ገለ እዋን ግልል ኢልካ በይንኻ ግዜ ከተሕልፍ ፈትን። ኣብ መጀመርታ ዓቕልኻ ክጽብበልካን ናብ ጭንቀት ክድህበልካን ይኽእል እዩ። ምስ ግዜ ግን ክልመድን ጽቡቕ ስምዒትን ርግኣትን ከም ዝህብ ብብዙሓት ዝተመስከረ እዩ።

### 5. ኣብ ዙርያ ዘነቓቕሑኻ ሰባት ሃሉ

ብዙሓት ጸሓፍትን ናይ ታሪኽ ኣጽናዕትን ኣብ ማሕበራዊ ዝምድና ኒኮላስ ተስላ ብምድሃብ፡ ኣብኡ ዝነበሮ ሕጽረታት ከም ድኻማት ገይሮም ይገልጹዎ እዮም። እንተኾነ እቲ ካልእ ሸነኹ ኣቓዲምና ርኢናዮ ጸኒሕና ኢና። ግደ ሓቒ፡ ተስላ፡ ኣብ ዙርያዩ ሰባት ነይሮሞ እዮም። እቶም ዝበዝሑ፡ ከምኡ ሰብ በሊሕ ኣእምሮ እዮም። ምስ ከምኡ ዝኣመሰሉ ስነ ፍልጠተኛታት፡ ፖለቲከኛታት፡ ስነ ጥበበኛታትን ሰብ ዋኒንን ወትሩ ይራኸቡን ይተሓጋገዙን ነይሩ እዮ። ናይ ብዙሓት ጸሓፍቲ፡ ተመራመርን ነጋዶን ኣስማት ክንጠቅስ ንኽእል እኳ እንተ ኴንና፡ ንገለ እቶም ፍሉጣት ከም ኣብነት ክንወስድ። ኣልበርት ኣይነስታይን፡ እቲ ፍሉጥን ድንቅን ስነ ፍልጠተኛ፡ ኣብ መበል 75 ዕለተ ልደት ተስላ ዝጽሓፋ ናይ የሃና ደብዳበ ኣብ ሰነዳት ተስላ ተረኺባ። ሓደ እዋን፡ "ኣብዛ ዓለም ዝበልሐ ሰብ ምዃንካ እንታይ ይስምዓካ፧" ብምባል ሓደ ጋዜጠኛ ሓተተቶ ንኣልበርት ኣይነስታይን፣ "እዚኣስ ንተስላ ኢኻ ትሓቶ፡" ክብል መለሰ።

ማርክ ትዌን መቸም ትፈልጡዎ ኢኹም። ማርክ ትዌን ፍሉጥ ኣሜሪካዊ ደራሲ እዩ። ከም ፍሉጥ ሓሳቢ ዝቘጽሩዎ እንተ'ለዉ'ውን ካብ ልክዕ ኣይርሓቑን። ንከም እኒ 'ንእስነት ቶም ሰዌር' 'ንእስነት ሃክሊበሪ ፊን' ዝኣመሰላ ናብ ትግርኛ ተተርጒመን ተመሃሮና ከይንበቡወን ዘይሓልፋ መጽሓፍቲ ዝደረሰ እዩ። ምስ ኒኮላስ ተስላ ናይ 20 ዓመት ጥቡቕ ዝምድና ነበሮም። ትዌን ብ1910 ክሳዕ ዝዓርፍ፡ ጥቡቕ ርክብ ነበሮም። ትዌን ናብ ቤት ምርምር ተስላ እናተመላለሰ ሓደስቲ ምህዞታትን ምርኢታትን ተስላ ይዕዘብ ነይሩ'ዩ።

ኣብ ዙርያ እቶም ተኽብሮምን ተድንቆምን ሰባት ሃሉ። ፍልጠቶምን ልቦናኦምን ክትወስድ ኢኻ። ሓደ ሓደ ግዜ ዝቐለለ ኣገባብ ትምህርቲ፡ ኣብ ዙርያ እቶም ናይቲ 'ክትኩኖ እትደሊ' ክኢላታት ሰባት ብምዃን እትምሃሮ እዩ። ስርሖም፡ ሓሳባቶምን ኩርናዕ ጠመተኦምን ክድርኸካን ምንጪ ምንቅቓሕካን ክኸውን ይኽእል እዩ።

---

**ጥቕሲ እዚ ሰሙን**

"እቲ ንእሽተይ ዓወት ዝጓናጸፍ፡ ንእሽተይ መስዋእቲ ይሕትት።
እቲ ዓቢ ዓወት ዝጓናጸፍ፡ ዓቢ መስዋእቲ ይሕትት።"

\- James Allen

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

ፍረ ጻዕሪ
ሚኒስትሪ ሕርሻ
ሕርሻን መግብን

1

# ጽላት ሕርሻ
## ጉዕዞ 35 ዓመታት

### ምዕቃብ ሓመድን ማይን ምስራሕ ዲጋታትን

ኤርትራ፡ እትርከበሉ ኣከባቢ፡ ብባህርይኡ ንደርቅን ምድረበዳነትን እተቓልዐ ብምዃኑ፡ ንሃገርናን ከማና ዝኣመሰላ ሃገራትን ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ምርጫ ዘይኮነ፡ ግዴታ ንምቕጻል ህይወትን ሕርሻዊ ልምዓትን እዩ።

ካብዚ ሓቂ'ዚ ብምብጋስ ድማ'ዩ'ም፡ መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ንምዕቃብ ሓመድን ማይን ከምኡ'ውን ምስራሕ ከዘንቲ ማያት፡ ካብ ዓበይቲ ቀዳምነታት ሰሪዖም ብልዑል ንጥፈት ክሰርሑሉ ዝጸንሑን ዘለዉን። በዚ መሰረት፡ ኣብ ዝሓለፉ 35 ናይ ናጽነት ዓመታት ዝተኻየዱ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ብቑጽሪ ይኹን ብስፍሓት ቀለልቲ ከም ዘይኮኑ ሰነዳት ሚኒስትሪ ሕርሻ የረጋግጹ። ብመሰረት ጸብጻብ፡ ክፍሊ ሕርሻዊ ኤክስተንሽን፡ ጨንፈር ባህርያዊ ሃብትን ልምዓት መስኖን፡ ዛጊት ልዕሊ 293 ሽሕ ሄክታር ኣብ መሬት ሕርሻ፡ ልዕሊ 135 ሽሕ ሄክታር ኣብ ማይኩዖታት ከምኡ'ውን ልዕሊ 6.2 ሚልዮን ኩቦ ሜተር ከትርታትን ዘጠቓልሉ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ከም እተኻየዱ ይፍለጥ።

መንግስቲ ኤርትራ ምስ ናይ ልምዓት መሻርኽቱ ብምትሕብባር፡ ኣብ ዝሓለፉ 35 ናይ ናጽነት ዓመታት ዝሰርሐን ከዘንቲ ማያት'ውን ኣብ ሕርሻዊ ልምዓት ወሳኒ ተራ ይጻወታ ከም ዘለዋ፡ ጸብጻባት ሚኒስትሪ ሕርሻ የረጋግጹ። እዞም ጸብጻባት ከም ዝነጽርዎ፡ ኣብ ፈለማ ዓመታት ናጽነት፡ ኣስታት 130 ጥራይ ዝነበረ ቁጽሪ ዲጋታት፡ ኣብዚ እዋን ብልዕሊ ሽዱሽተ ነጥቢ ሓሙሽተ (6.5) ዕጽፊ ብምውሳኽ፡ እዋናዊ ቁጽረን ናብ 850 በጺሑ ከም ዝርከብ ተፈሊጡ።

እዘን ካብ ደረጃ ስትራተጅያውያን ዲጋታት ክሳዕ መጠነ-ንኡስ ዲጋታትን ዲጋ ከትርን ዝዝርግሓ ከዘንቲ ማያት፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ንሰብን ጥሪትን ዝፈጠራኦ ሩፍታ፡ ንልምዓት ኣሕምልቲ ብልዕሊ ሽዱሽተ ዕጽፊ፡ ንልምዓት ፍረታት ድማ ብ ልዕሊ 71 ዕጽፊ ከም ዘዕበያኦ ተፈሊጡ።

ቀጺልና እምበኣር ምስክርነት ተጠቀምቲ ሓረስቶትን ክኢላታትን ነቕርብ፦

ወ/ሮ ነብያት ቀለታ ካብ ዞባ ማእከል ከባቢ ድርፎ፡ ብዛዕባ ዲጋ ጠማምዖ ዝፈጠረትሎም መስተርሆት ክትገልጽ እንከላ ከምዚ ትብል፦

መንግስትና ንዝነበረና ጸገም ኣቓልቦ ሂቦ ነዛ ዲጋ'ዚኣ ካብ ዝሰርሓልና፡ ህይወት ፈጢርና ኢና፣ ብሓቂ ርህዩና ይርከብ። ቀደም፡ ብዙሕ ጸገም ናይ ማይ ስለዝነበረና፡ ብፍንጃል ኢና ማይ ንሰቲ ነይርና። ደቂ ኣንስትዮ ብሕቖኦን ወሪደን እየን ስድራ ዘስትያ ነይረን። ብሓቂ ኣጸጋሚ እዩ ነይሩ። ሕጂ ግን፡ ሳላ'ዛ ዲጋ፡ ንሕና ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ጥሪትና ከይተረፉ'ኳ ጸጊበን ይሓድራ ኣለዋ።


ወ/ሮ ነብያት ቀለታ

ኣብ ንኡስ ዞባ ባረንቱ ከባቢ ሻካት ተደኩና እትርከብ ዲጋ ኣፈቴላ'ውን፡ ብዙሕ መስተርሆት ዝፈጠረት እያ።

ወ/ሮ ግረታ ሽዲን፡ ብዛዕባ ዲጋ ኣፈቴላ ፈጢራቶ ዘላ መስተርሆት ክትገልጽ እንከላ ከምዚ ትብል፦


ወ/ሮ ግረታ ሽዲን

ማይ ንምጉራት እንተወሓደ መንገዲ ክልተ ሰዓታት ኢና ንጉዓዝ ነይርና። እቲ ኣደራዕ ከኣ ንኣደታት ጥራይ የጋጥመን ነይሩ ኣይንብልን፣ ወነንቲ ጥሪት'ውን እንስሳታቶም ማይ ንኸስትዩ፡ ነዊሕ መንገዲ ክጉዓዙ ይግደዱ ነይሮም እዮም። እቲ ህይወት ኣዝዩ


ኢንጅነር ጉርጃ ወረደ

ከቢድ ምንባሩ፡ ሕጂ ዲጋ ኣፈቴላ ምስ ተሰርሐት እዩ ነጺሩልና።

"ኣብዚ ቦታ'ዚ" ይብል ኢንጅነር ጉርጃ ወረደ፡ "ልምዓት መስኖን ምፍራይ ኣሕምልትን ዝውቱር ኣይነበረን፡" ሕጂ ግን፡ ንልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን ዘኻዕብት ማይ ተዋሒሱ ስለዘሎ፡ ንኣልማዕቲ ርሒብ ባይታ ተነጺፋ ይርከብ።

ኣብ ዞባ ሰ/ቀ/ ባሕሪ ንኡስ ዞባ ናቕፋ፡ ሓረስታይ መሓመድዓሊ መሓመድሳልም፡ ዝብሎ እንክትርጉም ከኣ፦


ሓረስታይ መሓመድዓሊ መሓመድሳልም

ቅድሚ ሎሚ ማይ ዝብሃል ኣይነበረናን። ካብ ርሑቕ ቦታ ኢና ክንሰቲ ጸኒሕና፣ ምስ ምህናጽ እዛ ዲጋ ግን፡ ንሕና፡ ኣብ ከባቢና ዘለዋ ዓድታትን ሳገምቲ ኣካላትን ተጠቐምቲ ኰይናም ኣለዉ። ኣብ ከባቢና ስራሕ ጀርዲን ዝብሃል ኣይንፈልጦን ኢና ነይርና፣ ኣብዚ እዋን እዚ ግን፡ ሳላ ክኢላታት ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ጀርዲን ከነልምዕ በቒዕና ንርከብ።

ኣብ ዞባ ዓንሰባ እተሃንጸ ዲጋታት፡ ኣብ ህዝቢ ዓቢ መስተርሆት ይፈጥራ ከም ዘለዋ ነበርቲ ዝተፈላለዩ ዓድታት ብቓላቶም ይምስክሩ።


ኣቶ ንጉሰ ገብረሂወት

ሓደ ካብዚኦም፡ ኣቶ ንጉሰ ገብረሂወት እዩ፣ ብቓላቱ፡ "እዚ ቦታ 'ቃርሳ' ይብሃል፣ ኣብዚ፡ ጀርዲን ክትሰርሕ ኣይኮነንሲ፡ ማይ ንኽትሰቲ'ኳ ኣሸጋሪ እዩ ነይሩ። ኣብዚ እዋን'ዚ ግን፡ ሳላ ህንጸት ናይዛ ዲጋ፡ ጽቡቕ ንሰቲ፡ ንሰርሕ፡ ንሸይጥ፣ ብሓጺሩ ንዕወት ኣለና።"

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ኣኽርያ፡ ኣማሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ድርፎ ኣቶ


ኣቶ ዑመር ጀቢብ

ዑመር ጀቢብ ብወገኑ፡ "እዛ ዲጋ እዚኣ ምስ ተሰርሐት፡ ናይ ብሓቂ እቲ ዝነበረና ናይ ዓመታት ሽግር፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ተፈቲሑስ ዓቢ መስተርሆት ፈጢሩልና ይርከብ፣ ምኽንያቱ፡ ኣስታት ኣርባዕተ ሚእቲ ሰብ፡ እዛ ዲጋ ምስ ተሰርሐት'ዩ፣ ጽሩይ ማይ ክሰቲ በቒዑ ዘሎ። ዒላታት ክመልእ በቒዑ፣ ካልኣይ፡ ካብ 2-3 ኪሎ ሜተር እናተጓዓዝና ማይ ንወርድ ዝነበርና፡ ሕጂ ግን ኣብ ገዛና ኰይኑልና፣ እቲ ኣብ ንጥሪትና ዝነበረ ሽግር'ውን ከምኡ ተፈቲሑ። ስለዚ፡ ናይ ብሓቂ በዚ ተገይሩን ሩፍታ ሂቡና ዘሎን ልምዓት ማይ፡ ከየመስገንና ኣይንሓልፍን። እዚ መስተርሆት'ዚ፡ ካልእ ፍርያት ክውሰኽ ኣብ ተስፋ ኢና። ንዓና ጥራይ ዘይኮነ፡ ክሳብ ወሰን ክውሰኽ ኣብ ተስፋ ኢና።

ኢንጅነር ኪዳነ መንግስትኣብ፡ ክኢላ ልምዓት መስኖ ኣብ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ዞባ ደቡብ ብዛዕባ 'ዲጋ ከትሪ' ዓዲ ዓዳ ክገልጽ ከሎ፦

"እዘን ክልተ 'ዲጋ ከትሪ' (check dams) ናይ ዓዲ ዓዳ ክሰርሓ እንከለዋ፡ ነፍሲ-ወከፈን 14,000 ሜተር ክዩብ ዝኸውን ማይ ይሕዛ። ኣብዚ እዋን ድማ ኣብ ከባቢኣን ንዝርከብ ክሳብ 30,000 ሄክታር መሬት የልምዓ ኣለዋ። ሕጂ፡ መጀመርታ ካብ ሰነ ዝመጽእ ማይ ቀዳሞት እየን ዝመልኣ፣ ምኽንያቱ፡ ሰፊሕ ማይ ኵዖ እዩ ዘሎወን፣ ሓረስቶት ድማ ብቐጥታ ካብቲ ማይ ኵዖ ይጥቀሙ። የማነ ጸጋም እንተደኣ


ኢንጅነር ኪዳነ መንግስትኣብ

ርኢናዮ፡ እቲ መሬት ተዳልዩ፡ ተደኩዑ፡ ተሓሪሱ እዩ ዘሎ። ሕጂ፡ እቶም ሓረስቶት ሞተረታቶም ካብ ካልእ ከባቢታት ኣምጺኦም ኣብዚ የልምዑ ኣለዉ፣ ድንሽ ብብዝሒ እዩ ኣብዚ ዓዲ ዝለምዕ፣ ሕጂ ዒላታቶም መሊኦን፡ ትሕተ ማይ ወሲኹ፡ እተፈላለዩ ኣእካል፡ ኮመደረ፡ ቀስጣ፡ ሰላጣ፡ ሽጉርቲ፡ ድንሽ፡ ... የልምዑ ኣለዉ። ካብዚ እናኣዳቐሉ ድማ ክሳብ ናብ ካልእ ንኡሳን ዞባታት ይሰዱ ኣለዉ። ብሓፈሻ፡ ህንጸት ናይዛ ዲጋን ከትርታትን ብዙሕ ውጽኢት ዝተረኽቦ ስራሕ እዩ።

ነባሪ ዓዲ ዓዳ፡ ቐሺ ኣብርሃ መሓሪ'ውን ዝብሉዎ ኣሎዎም።


ቐሺ ኣብርሃ መሓሪ

ክሳዕ 8-9 ሜትሮ ኰዒትና ኢና ማይ ንረክብ ነይርና። ሕጂ ግን፡ እዘን ከትርታት ምስ ተሰርሓ መሬት ጸጊቡ፡ ዒላታትና መሊኦን ከይተሸገርና ነልምዕ ኣለና። ዕቃብ መሬት ተገይሩ፡ እቲ ተባሕጉጉ ናብ ካልእ ዝኸይድ ዝነበረ ሃብታም ሓመድ ይዕቀብ ኣሎ። ኣዝመራ እንተወቒዑ፡ ካብ ዝመልአ ዒላና ገሊልና ግራውትና ነስቲ፣ ብውሕጅ መስከረም ገይርና ነቲ ናብ ሃጉ ክኸይድ እኽሊ ብሞቶረና ነስትዮ። ኮታስ፡ ኣብ ግዜ ኣቦሓጎታትና ዝነበረ ዛራ ክንርኢ በቒዕና።

***



ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!

# ዝኽሪ ዛዛሚ ኲናት
# ጉዕዞ ኣሃዱና ናብ ኣስመራ

ግርማይ ወልደግዮርጊስ
(መንከኒኖ)
(7ይ ክፋል)

“ኢበ! ኣብ ርእሲ ምድሪ እንተሎ ክመጽእ'ዩ እንተዘየሎ ግን. . .”

እምባደርሆ ብዝዘለለ ተጋዳላይ ኣዕለቕለቓ፡ ንበዓል ሂምበል (ሳሕል) ተኪኡ ግዜያዊት መዋፈሪት እያ መሲሉ። ጸሓይ ከኣ ንሰራዊት ደርግ ከተርክቦ ዘደለየት ክትመስል ናብቲ ብሀድማ ዝዋረበሉ ማእዝን ተንቈልቍል ነበረት። 28 ግንቦት 1991፡ ሰዓት ሰለስተ ድ.ቀ። ኤኾትሩ፡ ማርቸደስ ሰዊት፡ እንበለን ዓበይቲ መካይን ንጸርግያ እምባደርሆ ብኽልተ መኣዝን ተቆጺሎሰ። እቲ ማእከላይ ዝቐመቱ ቀጢን ኣዛዚ በጦሎኒና መርዓዊ፡ በትሪ ኣብ የማናይ ኢዱ ሒዙ ናብቲ ኣሃዱታትና ሰፈረንኣ ዝበራ ቦታ ብቐልጢፍ ኣሳጉማ ክመጽእ ረኣናዮ። እዛ ምንቅስቓስ እዚኣ ናይ ብሉጽ ትእዛዝ ከመሓላልፍ እንከሎ ዘርእያ ምንቅስቓስ ምኻና ኣብቲ ነዊሕ ብዓዋር ዝተጋደልናሉ እዋን ዘጸናዕናያ እያ። ግና ከይቀረበ እንከሎ ድማ “ሃዩ በሉ ንበረትና ንጠርንፍ” ክንብሃል ጀመርና። ከምቲ ዝገመትናዮ ኮይኑ። ንበረትና ጠርኒፍና ስለ ዘጸናሕና፡ ናብታ እንስቀላ መኪና ቢታ ዝሓዘ በትሪ እናኣመልከተ፡ ነታ ብየማናይ ኢዱ ዝሓዘ ሽጋራ ስሒቡ ትኪ ዒግ እናበለ ተዓዘረ። ጉዕዞና ናብ ኣስመራ ገጹካ ምምሳስ እዩ ዝነበረ።

ኣብዚ ናይ ምብጋስ ህሞት፡ ዳርጋ ኩሉ ነባሪ እምባደርሆ “ዝ ንዓይንና ርኢና ዘይጸገብናኩም - ምጽእ ኢልኩምሲ ካን ከይድ!” ዝበል ናይ ናፍቖትን ሓልዮትን ቃል እናስምዐ ክሳብ እንብጽሕ ካብዚ ጥቓና ኣይተፈለየና። ኣቦላት ናይታ በጦሎኒ ከኣ ናብ ገረብ ከምዝዋስሉ ዘለዉ ኣናህብ ብቐጽበት ኣብተን መካይን ዓሰልና። እተን መካይን ከኣ ንወተሃደራዊ ሰልፊ ዝዓለዋ ዘለዋ ክመስላ ሓንቲ ድሕሪ ሓንቲ ተሰርዓ። ቀዳመይቲ ናይ ማእከልነት ብርጌድ ድሕሪኣ ድማ ናይ ማእከልነት በጦሎኒ ብኸምዚ ተሰሪዐን ጉዕዞ ቀጸላ። ሙብዝሕተኦም ናይዘን መካይን ኣወ-ቲስቲ ዘይ ተጋደልቲ (ጉር) ብምንባሮም፡ ንኣና ንተጋደልቲ ጸዓናም ብምብጋሶም ፍናንን ሓበንን ይሰመዖም ነበረ። ሰዓት ኣርባዕተ ካብ እምባደርሆ ክንቅል እንከለና ኣደታት ብዕልልታ ኣፋነዋና። ዓሰርተ መካይን ክሳብ ዝጸንቀቓ ዕልልታ ከም ዛራ ማይ'ዩ ዝነበረ።

ኣብ ብሎኮ ኣስመራ ምስ በጻሕና፡ ህዝብና ብመኪና ምጓዓዝ ሓዲጉዎ ብምንባሩ፡ ብርኽት ዝበለ ኣደታት ኣስመራ ኣጥሒነን ንዓደን ብእግረን ዘጋሕ ክሳብ ጎፍ በሉና'ሞ፡ ዝተጻዓነኣ ከይኣገመን ስር-ስር እናበለ ብደርፍን ዕልልታን ተቐበላና። ሓደ ካህን ድማ ንዓና ምስ ረኣዩ ጭሩሖም ንሰማይ እናኣመልከቱ፡ የማን ጸጋም እናበሉ፡ ዋዜማ ዘካይዱ ዘለዉ መሰሉ። ሓደ ኣብ ፈረስ ተወጢሑ ዝነበረ ፈረሰኛ ብየማንና ኮይኑ ንኽልና ከዕጅብ'ኳ እንተፈተነ ድሓርሲ መካይንና ጉዳፈኑኣ ደኣ ተዓዘረ። ንኸምዚኦም ዝኣመሰሉ ሕብራውያን ምርኢታት እናተዓዘብና ናብ ከርሲ ኣስመራ ኣተና። እግሪ መገድና ነቲ ናብ እንዳ ኮካ ዘጥዊ ተኾማሪ ዝነበረ ጸላኢ ሓዲግዎ ዝኸደ ኣጻዋር ተዓዘብና። ንዕዳጋ ሓሙስ ዝወሰድ ጸርግያ ማይ ተመናይ ምስ ሓዝና ሓሓሊፋ ዕሙር ጓይላ የጋጥመና ነበረ። ነዞም ዝተወደቡ ዝመስሉ ጓይላታት መጆ ዘወሃደዮም፤ ምምጻእና'ኸ መጆ ዝሰምዐም ንምግማት ዘጸግም'ዩ ነይሩ። ካብዚ ተበጊሶ “ፍጡራት ሰብት ጥራይ ዘይኮነ እንተላይ መናድቓን ዚግንን ኣስመራ ይቆጽጽ'ዩ ዘሎ” ንምባል ይደፋፍኡ ነበረ።

ኣቓልቦ ኩልና ዝሰሓበት ግን ሓንቲ ዕንቦብ ቀቀንጠባ ናብ መካይንና እትድርቢ ዝነበረት ናይ ኣንፃሮ ጸገም ዝነበራ ጓለንስተይቲ እያ። ኣብ ከብእ ዝነበራ መናእሰይ ድማ ሓሓቕፈን ይስዕማኣ ነበራ።

ኣብታ ቀዳመይቲ መራሒ በጦሎንና ዝነበራ መኪና ብምንባረይ፡ ንኣስመራ ዳሞግየ ብምስሊ ከሰላስል ኣብ ዝፍትነሉ ዝነበርኩ ገለ ቦታታት ግር ይብለኒ ነበረ። ምስቲ ንኣስመራ ብዙሕ ዘይፈልጣ መሳርሕተይ ኣዛዚ በጦሎኒ መርዓዊ “እዚ ከምዚ ይብሃል እዚ ድማ ከምዚ” እናተበሃሃልና ጉዕዞና ቀጸለ። ኣብቲ ንቤት ገርግሽ ዘጥዊ መዐደሊ በዝን ቶታል ምስ በጻሕና እኩባት መንእሰያት፡ ምልክት ሰላም ዝኾነ ጸዕዳ ጥንዴራ ሒዞም ገለ ሰብ መካይን ድማ ጥሩምባ ( ክላክ) እናነፍሑ ዓጀቡና። ብፍላይ ጸዕዳ ኾልክስዋገን ካብ 14 ክሳብ 30 ዓመት ዝዕድመአን ሓናፍጽ ደቀንስትዮ ዝሓዘት፡ ናይ ፍቕርን ሰላምን (Peace and love) ምልክት ዝኾነ ክልተ ኣጻብዕተን ናባና ኣቕኒዐን ምስ ምሉእ ፍሽኽታ ቀቅድመና ይጉዓዛ ነበራ። ንሰን ኣይርብርባ ንሕና'ውን ከምኡን ብምዕዶ ሰላቕን ፍሽኽታን እናተለጋገስና ነዊሕ ተጓዓዝና። ነቲ ቀደም ቅድሚ 1975 ሓደት ግዝወቲ ዝነበሮ፡ ሕጂ ዝዓመረ ማይጨሆት፡ ናብ ገድሊ ድሕሪ ምኻደይ ዝተሃንጸ ሜዳ ባሕቲ መስከረም ብኣንክሮ ተዓዚበሎም። ብኸምዚ ኣጊዩብ ናብ ኣፍደገ ኤክስፖ በጻሕና። ኣብዚ ቦታ'ዚ “ምንም ግዜ እናት ኣገር- ለእናት ኣገር እስከ መጨረሻ እንዋደቃለን” ዝበል ጽሑፍ ምስ ረኣና ኩልና ብሓደ፡ ክሳብ ጫፍ ደርጊ ሰንና ዝርኣ ብሰሓቕ ፈላሕና። እዚ ነቲ ግብሪ ዘየሰንጽ ባዶ ፈኸራ ጎረብብትና ዘዘኻኽር ዓቢ ሓወልቲ'ዩ ድማ በልና። ናብ መዓርፎ ነፈርቲ ምስ ከድና “4ኛ የሃገሰ ኣይሮፕላን ማረፍያ” ዝበል ጽሑፍ ጸንሓና። ኣብቲ መዓርፎ ነፈርቲ ምስ ኣተና፡ መካይንና ምሉእ ዕረፍቲ ገበራ።

ዘለልና ካብተን መካይን ድሕሪ ምውራድ፡ ነተን ቀደም ክድብደባና ብዝተኸሰ ክንቃወመን ወይ ካብኣተን ክንክወል ብዕዃርዃር ዓበዴ እንፈልጠን ዝነበርና ነፈርቲ ውግእን ሄሊኮፕተራትን ብቐረባ ክንርእየንን ክንደህስሰንን ኮኣልና። “እዚኣን እየን ንህዝብናን ንኣናን ዘጨንቓን ድቃስ ዝኸልኣን ዝነበራ” ብምባል ሕርቃንና ንኸነውጽኣለን ተኪሊለን መጽኣና። ግና ንዝተማረኸ ብኽብሪ ናይ ምሓዝ ባህልና ንዘሰለጦናዮ ንብረት'ውን ብዝተመሳሰለ ስለዝኾነ ቁጠዐና ውሒጥና ኣብ ልዕሊኣን ተወጢሕና “ዓወት ንሓፋሽ! ውድቀት ንፊሽፋሽ! ቅሰኑ ሰማእታትና ሽቶኹ ወቒዑ ዕላማና” በልና።

እንደገና ካብ መዕርፎ ነፈርቲ ብቐጥታ መገዲ ተመሊስና ብፊያት ኣቢልና ኣብ ንያላ ሆቴል መካይንና ኣዕረፉ። እተን ክሳብ ሕጂ ከዕጅባና ዝርፈዳ ሓናፍጽ ሰበ መካይን ሕጂ'ውን ኣይገደፋናን። ኣብ ኣፍደገ ንያላ ሆቴል ምስ ወረድና ብሀርፋን መጺኦን ሓቕፊን መዓንገርትና ብምድግጋም ሰዓመኣ። ድሕሪዚ ደቀ'ስመራ ናብ ሰድራቤትና ክንበጽሕ ፍቓድ ተዋሂቡና ናብ ዝሓሰብናዮ መኣዝን ፋሕ በልና። ኣነ ድማ ናብታ “ኣብ ከቢ ካተድራል ትቕመጥ ኣላ” ዝበሉኒ ሓፍተይ ንምርካድ ጉዕዞ ጀመርኩ።

ዝኾነ ሰብ ኣተኩሩ ኣቢሉ እንተደኣ ጠሚቱኒ ዝፈልጡኒ ወይ ዝፈልጦ ኮይኑ እናተሰምዓኒ ሰላም ንኸብሎ ድንዕ ድንዕ እብል ነርኩ። ኢጋጣሚ ክልተ ተጋደልቲ ኣብ መንገዲ ተጸንበሩኒ'ሞ “ናበይ ደኣልኩም፧” ተበሃሂልና እቲ ሓደ ንግዳይተመናይ እቲ ሓደ ድማ ንፎርቶ ጸጸራት ናብ ቤት ጽሕፈት ክፍሊሰራዊት 52 ምኻኑ ሓበረና። እቲ ሓደ ካብይ ዝዋቢ ዕድመ ዝደፍኣ ሳዕልን ታሕትን ሚላኖ ዝተኸደነ ክልተ ቦንብ ቻይና ዝዓጠቐ'ዩ። እቲ ሓደ ሓጺር ዘይኮነ ምሉእ ኑበሱ፡ ግጹ ግና ንዳስ ገድሊ ምሒር ዘይወቓዮ ተዓጺፈት ካላሽን ዓጢቑ ትምጥኮ ኣብ ከንፈሩ ሰኪዑ ነበረ።

ቁሩብ ምስ ሰጎምና ሓደ ቮልክስዋገን መኪና ዝሓዘ ናባና ጸግዕ ኢሉ፡ “እዞም ኣሕዋተይ ናበይ ኢኹም ከብጽሓኩም” በሉና። ክሳዱ ካብ መኪና ናባና ግጹ ወጥዊጡን ተመቐሊሉን። ንሕና ድማ “ሓደና ማይተመናይ፡ ሓደና ፎርቶ ጸጸራት ሓደና ድማ ካቴድራል ኢና። ስለዚ ኣይክጥዕመካን'ዩ የቐንየልና ባህልና ክንከይድ ኢና” በልናዮ። ብዓል መኪና ብሕገስ መንፈስ “ግዲ የብልኩምን ናብ ደላይኩም ከብጽሓኩም እየ፡ ኣብ በረኻ ብእግሪ ዝተጓዓዝኩሞ ይኣኽለኩም'ባ” በሉና ፍሽኽታ ሓዊሱ።

ንሕና በቲ ሓደ ዘረባኡ ከይዕበር፡ በቲ ሓደ ከኣ ኣብ ጥጡሕ ጸርግያ እሞ ከኣ ብንእሹቶ መኪና ተመቻቺእካ ምኻድ ንዕሉ ሓድሽ ሂወት ኮይኑና፡ መኪና ከፊትና ከከም ዕድመና ተመራሪሕና ተሰቐልና። ማርሻ ኣእትዩ ተዓዘረ። ምስ ቅልጣፈ ናይ መኪና ዘይዳረግ'ኳ እንተኾነ ክሳድና ንጸማን ንጸጋም እናጠዋወና ንኣስመራ ከምዛ ዘይዓበናላ ኣጋይሽ ኮይንና ንዕዘብ ነርና። ብቤት ትምህርቲ ካምቦ ኣቢልና ንቤት ትምህርቲ ቀይሕ ባሕሪ ምስ በጻሕና፡ እዚ ቤት ትምህርቲ እዚ ናይ መውዳእታ ንምጅዳ ቅድሚ ምኻደይ ዝመሃረሉ ዝነበርኩ ቤት ትምህርቲ ብምንባሩ፡ ዝኽረይ ክም ማዕበል ተላዒሉ ኩሎም መማህራነይን መማህራነይን ኣብ ቅድሚ ዓይነይ ቀጅል በሉ። “ኣየ ግዜ! ኩሉ ነገር ኮይኑ” በልኩ ብውሽጠይ። እቶም ምሳይ ዝነበሩ ብዑት ከምዚ ናተይ ንኡቶምውን ኣብ ዝኽሪ ጥሒሎም ከምዝነበሩ ፍሉጥ እዩ። ብኸምዚ ክይተረድኣና ዓቐብ እንዳ ሚካኤል ደይብና ኣብ ኣፍደገ ቤት ጽሕፈት ክፍለ ሰራዊት 52 ደው በልና። እቲ ኣብ የማነይ ዝነበረ ብጻይ ኣማስኒኑ ወረደ። መራሒ መኪና “እዚ'ዶ ዓበጽኩም!” ዝበል ሓጺር መልሲ ሂቡ ማርሻ ኣእትዩ ጉዕዞ ቀጸለ። ኣብ ቤተ ክርስትያን ቅዱስ ሚካኤል ምስ በጻሕና፡ መራሒ መኪናን ምስኡ ዝነበረ ግና ክዘረብ ዘይሰማዕናዮ ዓቢ ኣቦን ናብቲ ቤተ ክርስትያን ገጾም ገይሮም ክሳለሙ ተዓዘብናዮም፡ እቲ ንዊሕ ዝተፈለናዮ ሃይማኖታዊ ግቡእ ከዘኻኽረና ጀመረ።

ኣብ ውሽጢ እዚ ጉዕዞ'ዚ ኣብ ሓድሕድና ዝኾነ ምዝርራብ ኣይጸንሐን።



ዝ. ሰቕታ'ዚ ንምስባርዩ እመስለኒ፡ መራሒ መኪና፡ “ክቡራት ኣሕዋት ክንሓተኩም'ዶ፧” ክብል ዘረባ ወሰ ኣበለ። “ንምልሶ ጥራይ ይግበረና - ርኽብ ኣይትሰኣን” ዝበል መልሲ እቲ ካልኣየይ ሃበ፡ ቀጺሉ “ካብዞም ናይ ቀደም ዲኹም ወይስ ካብዞም ኣብ ቀረባ ግዜ ናብ ገድሊ ዝተጸንበሩ፧” ክብል ጉዳዩ ኣዘራረ፡ መልስና ንምርካብ ብመስትያት ኣሕሊፉ እናተዓዘበና። “ዋእ ናይ ብዙሕ ዓመታት ተጋደልቲ ኢና፡ እንታይ ነይሩ፧” በልኩ ቀልጢፈ. ኣንፈት ናይቲ ሕቶ ስለዘይተገንዘብኩ'ሞ፡ እቲ ካልኣየይ ቀልጢፉ መልሲ ከይሀብ እናሰገኣኩ።

“ኣንታ ንገድሊ ካብ ዝወጻእ 14 ዓመታት ዝገበረ ሓው ነይሩኒ ብዝዕባኡ ንምሕታት'የ” በሉ፡ ሕጂ'ውን መልስና ንክሰምዕ ብመስትያት እናተኸታተለና። እቲ ብየማነይ ዝነበረ ብጻይ “ኣነ'ኳ ካብ ዝሰለፍ ቁሩብ ዓመታት'ዩ፡ እዚ ብጻይ ደኣ!” ክብል እታ ኩዕሶ ናባይ ደርበያ።

“ካብ ዝሰለፍ 14 ዓመታት ዝገበረ'ዩ እንተደኣ-ኢልካ መሳልፍትና ማለት'ዩ፡ ብዘኾነ መን ደኣ ኮይኑ፧” በልኩ ንምጥያቕ። እቶም ምስ መራሒ መኪና ዝነበሩ ኣቦ ካብ ምግራም ዝቐለ'ዩ ዝመስል ክሰዶም ከመቅጸብት ናባይ ጠወዮም “ብሓቂ 14 ዓመታት ኣብ ገድሊ ገይርካ ከተብቅዕ ብዚይ ዝኾነ ዕንቅፋት፡ ወዲእካዮ! እሞ እዚ ወድና ድማ ኣብ ርእሲ ምድሪ ኣሎ ማለት'ዩ” በሉ ወሽጦም ተሰኪፉ ብዘዮገር ኩነት። ቀጺሎም “እከለ ወዲ እከለ'ዩ፡ ነዊሕ ቀጢን ጸቡቕ ደርጊ ሰብ፡ ካብዚ ካብ ቤት ትምህርቲ ካምቦኒ ተመሃራይ 12 ክፍሊ ከሎ እዩ ወጺኡ፡ ከመይ በሊሕ ቆልዓ ነይሩ ይመስለካ. . .” ብምባል ዝርዝራት ደርጉሓ።

እዚ ዝርዝራት እዚ ምንም ዘይጎደሎ ንጹር ብምንባሩ ንኣይ ኣይሓደሰንን። እንተኾነ ግን ኣብ ወረር ባሕሪ ነጋሽ ኣብ ታባ ኣልጌን ዝተሰውአ ምኻኑ ስለዝፈለጥኩ፡ ከም ኣሬንቲ ዝሓዝኩ ተዘዚ በለኒ። ካብዚ ንምምላጥ ከም ዝሓሰብ ዝገ ድሕሪ ምባል “ገለ ዘለዎ ክፍሊሰራዊት ወይ ኣሃዱ ኣይትፈልጡን” በልኩዎም፡ ካብቲ ጉዳይ ንምህዳም።

“ወይ ንሰኻ! ንበረኻ ክጋደል ኢሉ ምስ ከደ ክሳብ እዛ ሰዓት እዚኣ nonai sentito (ብቛንቋ ጥልያን ትከሰስ ኣይሰማዕናን) ብምባል ዝን በሉ። ቀጺሎም፡ “ካብ ኩሉ ካብ ኩሉ ናይታ ኣደኡ! ተጋደልቲ ኣትዩም ካብ ዝዕምጽትላ ክሳብ ሕጂ ዓይና ሰላም ኣየብለትን” በሉ።

“ውድብ ህዝባዊ ግንባር ካብ ገድሊ መንግስቲ ምባሉ ዝቐልል ስራሕ እንደዩ ስለዚ ቁጽሪ ሕዝቢ እንተ ዘይትኮይኑ እከለ ኢልካ ክትረኽቦ፡ ስለዚ ዓቕሊ ጥራይ ግበሩ ከምዝ ንሕና ንወለድና ሃንደበት ጠቦቕ እንብሎም ዘለና እዝዮገር ፈቒዱዎ ትራኽቡ ትኾኑ” ዝበል መህደሚ መልሲ ሂበ፡ መኪና ናህራ ወዲኣ ናብ ዝወርዶ ኩተብጽሓኒ ተሃንጠኹ።

መራሒ መኪና “ኢቤ! ኣብ ርእሲ ምድሪ እንተልዩ ክመጽኣና'ዩ እንተዘይኮይኑ ድማ ዋእ ከም ዓለሙ” በለ ናይ ተስፋ ምቑራጽ ምልክት ገጹ ከም ማይ ዝጠልቀየ ወረቐት እናተጨበጠ። ዕላል ብዘሰዖ ጉዕዞ ኣብ ከቢ ካቴድራል ምስ በጻሕና፡ “ገዛ እንዳ ሓፍተኻ በየን'ያ” ክብል ተወከሰ። ጥቓ እንዳ dentist ሓኪም ስኒ ዘላ ገዛ'ያ” በልኩዎ ብዘጸንሓኒ ሓበሬታ። “ግርም ሕራይ” ድሕሪ ምባል ነቲ ሰማፈሮ እትህቦ ምልክት ተጸቢዩ ናይ ሕለፍ ምልክት ምስ ሃበቶ፡ ናብ ኣፍደገ ቤት ሓፍተይ ኣውረደኒ። ድሕሪ ምምስጋን “በሉ ብሓደ ገዛ ንእቶ ተሓመቐ ሻሂ'ኳ ንስቲ” በልኩ፡ ባህልና ምርኩስ ገይረ። “ንሕና ኢና ኣጋይሽና ክንቅበል ዝግበኣና” ዝበል መልሲ ሂቦሙኒ ተበገሱ። ኣነ ድማ ገዛ እንዳ ሓፍተይ ኳሕኲሐኩ።

ይቕጽል. . .

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ሃሎ ቆልዑ |
| 09:45 | ፓኖራማ |
| 10:25 | መዘናጋዒ ታሪኻዊ (3ይ ክፋል) |
| 11:00 | ለሰ ስፖርት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | መዘናጋዒ ታሪኻዊ (3ይ ክፋል) |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:50 | መልሲ ኣብ መሰመር |
| 14:30 | ናትራን |
| 17:00 | መደብ መኣዝን ልምዓት |
| 17:35 | ሳይዳ |
| 18:40 | ደረት ቃና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ቃለ መሕተት ምስ ደራሲን ዳይረክተር ፊልም ዳምር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ተክ ኢንሳይት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ሃይማኖት ካሕሳይ ኣባይ፣ ብዓል ቤተይ ወልደኣብ ደበሳይ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፣ 3 ደቅና ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/06/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕ/እኽሊ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሉተብርሃን ተስፉይ ክፍሉ፣ ኣቦና ዓንደብርሃን በርሀ ሰረቐን ኣዴና ሂወት ተኽለ እምኑቱን ስለዝዓረፉ፣ ናይ ኣቦና ነፍ/ዓንደብርሃን በርሀ 1. ሂወት ዓንደብርሃን በርሀ 2. ክብራ ዓንደማርያም በርሀ 3. ጺጋይ ዓንደማርያም በርሀ 4. ስወእ ተኽለኣብ ዓንደሚያም በርሀ ተተካእቲ ደቁ 5 5.ነ/ፍ ኣብርሀት ዓንደማርያም በርሀ ተተካእቲ ደቃ 6 6.ንግስቲ ዓንደማርያም በርሀ 7. ዘሙይ ዓንደሚያም በርሀ፣ ናይ ኣዴና ከኣ 1. ሉተብርሃን ተስፉይ ክፍሉ 2. ክብራ ዓንደብርሃን በርሀ 3. ጺጋይ ዓንደማርያም በርሀ 4. ስወእ ተኽለኣብ ዓንደሚያም በርሀ ተተካእቲ ደቁ 5. ነ/ፍ ኣብርሀት ዓንደማርያም በርሀ ተተካእቲ ደቃ 6 6.ንግስቲ ዓንደማርያም በርሀ 7. ዘሙይ ዓንደማርያም በርሀ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ/ 32 ይቕረብ።

ኣንገሶም እምባዩ ሓጎስ፣ ኣዴና ሳራ ዑቕበ ጻድቕ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይን 3 ተተካእትን ወረስታ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳክርስትያን

ከሳሲት ራሄል ደሴ ከሱተ፡ ተኸሳሲ ዳዊት ሰዓረ ደባስ፡ ናይ ሞግዚት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ንዕለት 28/5/2026 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይ ቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምኳኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ወ/ሮ ኣልማዝ ሃይለ ጉብረመድህን፡ ብዓል ቤተይ የውሃንስ ጉብርሂወት መሓሪ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፣ 11 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ከሳሲት ቅሳነት የውሃንስ ታውቀ፡ ተኸሳሲ ተሸመ ኣብርሃ ገብረመድህን፡ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለዘላ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን16/6/2026 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይ ቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምኳኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ሮዳስ ንጉሰ ኣብርሃ ምባል ተረፉ፣ ሚልዮን ንጉሰ ኣብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ልችያ ብርሃነ ሰለሙን፡ ብዓል-ቤተይ ጺጋይ እያኣብ ዓንደማርያም ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፣ 14 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ኣመልካቲት ወ/ሮ ጸገ ኣሸብር ወርቁ፡ ኣቦይ ኣሸብር ወርቁ መንግስቱን ኣደይ ምሕረት ረታ ወልደሚካኤልን ስለዝዓረፉ፣ ኣነ ኣመልካቲት ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 8/6/2026 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲ ወ/ሮ ውዳሰ ሽመንዲ ሓየሎም፡ ተኸሳሲ ኣቶ ፍትዊ ገረዝግሄር ዘምህረት፡ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለዘላ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ንዕለት 8/6/2026 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይ ቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምኳኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዒላበርዕድ

በኪታ ዑመር መሓመድ ምባል ተረፉ፣ ዜነብ ዑመር መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቤቲኤል ፍስሃየ ጉብሩ ምባል ተረፉ፣ ቤተልሄም ፍስሃየ ጉብሩ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ ን3/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲተከሌዛን

ፍቓዱ ተስፉስላሴ ተኽለ ምባል ተረፉ፣ ፍትሓዊት ተስፉስላሴ ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመልይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወ/ሮ ሉተሂወት ረዳኢ ዑቕባይ፣ ተጸዋዒ ኣቶ ማሕሙድ እድሪስ ኸራር፡ ካብ 2011 ኣትሒዙ ደሃይ ስለዘይብሉ፣ ጥፉእ ተባሂሉ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ንዕለት 13/5/2026 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይ ቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምኳኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ወጋሕታ ማሕሙድ ወልደሚካኤል፡ ወከል ማሕያዊት ማሕሙድ ወልደሚካኤል፡ ተጸዋዒ ኣቦ ጓሊይ ሃረስ ዘርእዝጊ ፍቕሩ፡ ደሃይ ስለዘይብሉ፣ ጥፉእ ተባሂሉ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ንዕለት 2/6/2026 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይ ቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምኳኑ ነፍልጥ።

## ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ተኽለ ሃብተሚካኤልን ኣቶ ኀይትኦም ተኽለ ሃብተሚካኤልን፣ ብፍ/በ/ዕዳ ወረ/ነፍ/ ተኽለ ሃብተሚካኤል፡ ወ/ሮ ህድኣት ተኽለ +4 ብዘሎ ናይ ምቕሊት ውርሲ ጉዳይ፡ ቤት ፍርዲ ዞባ ብዕለት 27/7/2023 ብቑ/መዝ 1060/23 ዝሃቦ ናይ ፈጻሚ ትእዛዝ ምርኩስ ብምግባር፡ ነቲ ኣብ ከተማ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ገዛ ጥንዳ ከባቢ ማይ ጭሆት ጎደና 199-5 ዚፕ ኮድ 1 199 ቁ.ገዛ 25 ዝርከብ፡ ብስም ኣቶ ተኽለ ሃብተሚካኤልን ነፍ/ተኽለ ሃብተሚካኤል ኀደፉን ዝተመዝገበ ህንጻ መበገሲ ዋጋ ሓራጅ 152,407.59 (ሓደ ሚእትን ሓምሳን ክልተን ሽሕን ኣርባዕተ ሚእትን ሸውዓተን ናቕፋ 59%) እዩ። እዚ ህንጻ ኣብ 150.00 ት/ሜተር ዝተደኮነ ተራ ገዛ ኮይኑ፡ ኣርባዕተ ቀንዲ ክፍልን ኣርባዕተ ሓገዝቲ ክፍልን ዘጠቓልል እዩ። ስለዚ ኣብቲ ዝግበር ሓራጅ ክሳተፍ ዝደሊ፡ ካብ ዝቐረበ ግምት ¼ ብስም ሕሳብ ፈጻሚ ፍርዲ CPO ብምስራሕ ወይ በኽ ሕሳብ ሐዘ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ሐዘ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል። ተወዳዳሪ ቅድሚ ዕለት ጨረታ 5 ናይ ስራሕ መዓልታት ዘሎ፡ ክበጽሖ ዝደሊ መጠን ገንዘብ ብቑጽርን ብኣሃዝን ኣብ ፖስታ ዓሺጉ ኣብ ላ/ቤ/ፍርዲ ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ ቁ/62 ዘሎ ሳንዱቕ ጨረታ የእቱ። ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ እንተዘይ ኣቕሪቡ ጨረታ ደው ኣይብልን እዩ።

ንዚየዳ ሓበሬታ፦ ኣብ ቁ/64
ቦታ ጨረታ፦ ላ/ቤ/ፍርዲ ገበን መጋባእያ ቁ/27
ዕለት ጨረታ፦ 16/6/2026
ሰዓት ጨረታ፦ 3፡00-4፡00 ድ/ቀትሪ
ተወሳኺ ሓበሬታ ዝደሊ ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ ቁ/64 ይሓትት

ፈጻሚት ፍርዲ
ቤትኤል ሓጎስ


## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ሃኒባል ተኽሉ ሓድጉ፡ ኣቦና ተኽሉ ሓድጉ ፍስሃየ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 1ሓፍተይ ኣብ ቀዋምን ተንቀሳቓስን ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ሓሊማ መሓመድ ዓሊ ምባል ተረፉ፣ ሓሊማ መሓመድኑር መሓመድ ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመልይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጀምዕ ኣስማዒል እድሪስ ምባል ተረፉ፣ ጀምዕ ኣስማዒል ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣዚና እንፈትዋ ሓፍትና ለምለም ሃይለስላሴ ደሞዝ (ሊሊ) ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ መቓብር ሓዙሓዝ ዘቃበርኩምናን ብኣካልን ብተሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ ንብል።

ጓል ሄለን ጉብረስላሴን ምሉኣት ስድራቤትን



## ምስጋና

ብዕረፍቲ እኹፍቅሮ ኣቦና መም. ኣለም ኣብርሃም በርሀ፣ ዝተሰመዓና ሓዘን እናገለጽና፣ ብዘሕሌ ሕማሙ ዝተመላለስኩም፣ ኣብ ዳዕሮ ኩንዖት ን/ዞ/ ዓዲ-ጓላ ብምኻድ ዘቃበርኩምናን ገዛና ብምምልላስን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

ምሉኣት ስድራ ቤት



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ክብርቲ ኣዴና ኣልጋይሽ ቀሺ ኣስፍሃ ዝተሰመዓና ሓዘና እናገለጽና፣ ኣብ ሕማማ ተመላሊስኩም ዝበጽሓኩማና፣ ኣብ ዓዲ-ንፋስ ዞባ ማእከል ዘቃበርኩምናን ከምኡ'ውን ኣብ ገዛና ተመላሊስኩምን ካብ ወሽጢን ወጻእን ብተሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ነመስግን።

ደቃን ምሉኣት ስድራቤትን



## ምስጋና

ክብርቲ ብዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ሰለማዊት ሃይለ ማእከሉ፡ ብምኽንያት ሕማም ብሞት ምስንባታ ኩሉኻትኩም ኣብ ዓዲ መጺእኩም ዘቃበርኩምና፣ ኣብ ገዛና መጺእኩም ዘጸናናዕኩምና፣ ብኣካል ይኹን ብተለፎን ኣብ ወሽጢን ደገን ትርከቡ ቤተሰብን መተዓብይቲን ብገንዘብ ይኹን ብሞራል ዘጸናናዕኩምና፣ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘና ንገልጽ።

ብዓል ቤታ ኣቶ በርሀ ጉብራት በራኺ ምስ ኩሎም ደቀይን ስድራቤተይን

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following positions

1. **Position: Artisan Plant Fitter**

**Department: Processing & Underground Operations**
**Section: Asheli Underground**
**Number required: Three (03)**

**Primary Purpose**

- Ensuring that first and foremost adhere to all safety precautions.
- Assist Artisan Fitter to inspect, maintain and repair plan equipment (machinery), effectively, efficiently, and safety.
- Maintaining a clean and safe work environment

**Main Functions**

- Carry out planned maintenance equipment's.
- Carry out repair and preventative maintenance on equipment and fixed Plant assets
- Reading and interpret basic hydraulic schematics
- Observe established safety regulations and procedures during work.
- Ensure that tools/ equipment used for electrical installations is kept in appropriate place.
- Health, Safety and Environment.
- Perusing knowledge and training on evolving practices or technology.
- Following instructions or direction from supervisor
- Additional duties
  - ✓ Be able to use and maintain various power tools.
  - ✓ Lifting and carrying heavy objects.
  - ✓ Performing work on elevated platforms and heights.
  - ✓ Performing mechanical work in adverse weather conditions or temperatures.
  - ✓ Manual dexterity, Ability to drive vehicles

**Unique requirements/other information**

- Must be flexible and willing to work as part of a team.
- Demonstrates sound knowledge of the tool, equipment, and materials to be the trade.
- Need to be heat tolerant and fit to work in an underground environment.

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| • Grade 12; Craft<br>• Certificate in Plant fitting or equivalent,<br>• First Aid Certificate | • 3 years' experience based on below<br>• Background experience on submersible pumps and static centrifugal pumps.<br>• Basic mechanical background experience.<br>• Basic experience HDPE/Steel pipes with methods of connections.<br>• Identify the corrects size if pipe work with the type Valves.<br>• Familiar with hand tools and identifying the correct tools.<br>• Basic hydraulics background.<br>• Knowledge of underground plant.<br>• Needs to understand the fundamentals of isolation and lock out with Stored Energy principals,<br>• Basic knowledge of underground mining operations.<br>• Basic knowledge of fix plant assets. |

| Technical Skills | Behavioral Skills |
|---|---|
| • Basic Computer Literacy<br>• Basic Understanding, MS Office, Excel -<br>• Plan, organize, and execution.<br>• Risk management and assessment.<br>• Analytical and Problem solving.<br>• Technical Report writing<br>• Attention to detail.<br>• Quality assurance skills<br>• Mechanical experience | • Good oral and written communication skills and Teamwork.<br>• Ability to work in multi-disciplinary environment.<br>• Ability to conduct Engineering matters to various levels.<br>• Ability to work under pressure and achieve project milestones.<br>• Self-starter, Drive, and enthusiasm.<br>• Developmental orientated, Passion for accuracy and perfection in delivery<br>• Good leadership skills |

2. **Position: Electrician**

**Department: Processing & Underground Operations**
**Section: Asheli Underground**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- Ensuring that first and foremost adhere to all safety precautions.
- Assist Electrician to carry out electrical maintenance, repair, and installation work on electrical equipment on fix plant and in underground equipment.
- Maintaining a clean and safe work environment.

**Unique requirements/other information**

- Must be flexible and willing to work as part of a team.
- Demonstrates sound knowledge of the tools, equipment, and materials to the trade.
- Need to be heat tolerant and fit to work in an underground environment.

4. **General Information and other requirements:**

- **Place of Work:** **Bisha.**
- **Salary:** **As per Company salary scale.**
- **Type of Contract:** **Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to: -**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272 Asmara, Eritrea**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following positions

**3. Position: Artisan Auto Electrician**
**Department: Processing & Underground Operations**
**Section: Asheli Underground**
**Number required: Two (02)**

**Primary Purpose**

- To diagnose, maintain, and repair electrical systems and components in vehicles and equipment. The auto electrician ensures the proper functioning and safety of electrical systems, including wiring, lighting, control systems, and instrumentation. The position involves troubleshooting electrical faults, performing preventive maintenance, and supporting ongoing technical projects to ensure optimal performance and reliability of all equipment and vehicles.

**Main Functions**

- Equipment availability
- Reports
- Injury prevention to self/others and safeguard company property
- Preventive Maintenance
- Health, Safety and Environment
- Additional Duties
  - ✓ To perform other related work as assigned.

**Unique requirement/ other information**

- Candidate must be physically and medically fit.
- Effective team member.
- Adhering to all other assignments that are given that are lawful and fair

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| • Auto Electrical trade certificate or equivalent<br>• Grade 12 Certificate<br>• Craft certificate in Auto / Power Electrical or equivalent | • 3 to 5 years relevant experience in a mine environment<br>• Ability to distinguish colors used in colour-coding harness and electronic components.<br>• Ability to identify electrical problems and apply diagnostic methods to achieve satisfactory results.<br>• Proven ability to read and interpret standard electrical blueprints, schematics, technical drawings, parts books, and service manuals (including specifications).<br>• Ability to identify, organize and use resources effectively to complete tasks with due regard to cost, quality, safety, and environmental impact.<br>• Possess a valid Driver's License with good defensive driving skills |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| • Ability to assess risk and diagnostically gather information.<br>• Attention to detail and planning skills.<br>• Results orientated.<br>• Good written and oral Communication skill in English | • Accept responsibility for work of self and others.<br>• Work reliably and effectively without close supervision, to the appropriate codes of practice.<br>• Extensive knowledge of site safety, health and environmental regulations pertaining to electrical maintenance in a mining environment |

**4. Position: Geo-technician**
**Department: Processing and Underground Operations**
**Section: Asheli Underground**
**Number Required: Three (03)**

**Primary Purpose.**

- To support underground geological operations by assisting with grade control sampling, face mapping, ore control,
- ROM pad management, and geological data collection, ensuring accurate ore delineation, minimization of dilution, and
- Reliable production reconciliation in support of safe and efficient mining operations.

**Main Function**

- Safety and Risk Management
- Daily Ore Drive Development Assistance & Mapping Support
- Rom Pad Management and Sampling
- Documentation and reporting

**Unique Requirements/Other Information**

- Physically fit for underground work and extended standing, walking, and sampling
- Comfortable working in confined spaces, heat, water, and low-light environments
- Willingness to work shift schedules and night shifts
- Ability to work under production pressure and time constraints
- Basic literacy and numeracy for recording geological data
- Prior underground mining exposure is an advantage
- Strong respect for safety culture and operational discipline

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| • Senior high school or diploma certificate required from a recognized institution.<br>• Valid Eritrean driving license | • 2 years Geology experience preferred (preferably in Base Metal deposits).<br>• Good verbal and written English skills, computer literacy (Surpac and associated MS Office Programs)<br>• 1 year in geology department involve in sampling is added advantage. |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| • Basic structural measurements (dip, strike joint orientation)<br>• Computer Literacy (MS Office – Intermediate, Excel – Advanced)<br>• Basic understanding of grade control drilling and stope control<br>• Geology logging<br>• Geology mapping | • Good teamwork and communication with mining crews<br>• Ability to work in a team<br>• Reliability and dependability under shift work conditions<br>• Willingness to learn and adapt in underground environments<br>• Strong safety awareness and discipline<br>• Positive attitude and strong work ethic<br>• Ability to follow instructions and standard procedures. |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work: Bisha.**
- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Indefinite**


**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to: -**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272 Asmara, Eritrea**



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

## ዕላል ምስ ሃብሮም!

### ምስ ንዝእ ርእሰኻ ከተላልየና፧

ስመይ ሩፋኤል ፍጹም ተኽለ እዩ። ዕለት 03-02-2013 ኣብ ተሰነይ፡ ዞባ ጋሽ ባርካ ተወሊደ። ኣብዚ ግዜ እዚ ድማ ተመሃራይ ቤት ትምህርቲ ኮኾብ ጽባሕ 6ይ ክፍሊ እየ።

### ኣብ ትምህርቲ ከመይ ዓይነት ተመሃራይ ኢኻ፧

ኣብ ትምህርተይ ንጡፍ እየ። ተገዲሰ ድማ ትምህርተይ እከታተል። መምህራነይ ዝሃቡኒ ዕዮ ብግቡእ እሰርሕ።

### ኣብ ምህዞን ሰንዓን ትሳተፍ ኢኻ፧ እንታይ ኢኻ ሰሪሕካ ዘለኻ፧

እወ። ኣብ ምህዞን ሰንዓን ዝንባለ ኣሎኒ። ናይ ኤለትሮኒክስ ስርሓት ምስራሕ ደስ እዩ ዝብለኒ። ኣብ ዝሓለፈ ግዜ ድማ ብሪሞት እትንቀሳቐስ ንእሽቶ ጃልባ መሳሊት ኣብ ማይ እትኸይድ እየ ሰሪሐ።



### እዛ ንእሽቶ ጃልባ ብምንታይ እያ ተሰሪሓ፧

እዛ ጃልባ ብጎማ ናይ ዘይቲ ዝተሰርሐት ኮይና፡ ብመላገቢ ኣላጊበ እየ ሰሪሐያ። ክልተ ዲናሞ ኣሎዋ። ሰለስተ ባትሪ ገይርካ ድማ ኣብ ማይ ዘሎዎ ጥስቲ ወይ ባስካ መሳሊ ክትንቀሳቐስ ትኽእል። እዛ ስራሕ ንእሽቶ ኮይና፡ ከም መፈተኒ ዝሰራሕኩዋ እያ። ምስ ዓበኹ ዓባይ ጃልባ ክሰርሕ እትስፎ።

### መዛኑኻ ነዛ ስራሕ ምስ ረኣዩ እንታይ ኢሎምኻ፧



ዝበዝሑ መዛኖይ በዛ ስራሕ ኣድናቖቶም ገሊጾምለይ። እዚ ድማ ሞራል ኮይኑኒ እዩ። እዚ ካብ መዛኖይ ዝረኸብኩዎ ሞራል ካልእ ዓቢ ነገር ክሰርሕ ደፋፊኡኒ ኣሎ።

### ኣብዚ ስራሕ ናይ መምህራንካ ኣበርክቶኸ ከመይ ይመስል፧

መምህራን ቤት ትምህርቲ ኮኾብ ጽባሕ ከምዚ ዓይነት ምህዞን ሰንዓን ንኽሰርሕ ይደፋፍኡና እዮም። ኣብ ኩሉ ስራሐይ ከኣ የተባብዑኒ እዮም። ነዚ ስራሕ ኣብ ቤት ትምህርቲ ንኽርእዮ ድማ ዕድል ከፊቶምለይ ኣለዉ።

### ናይ ምህዞን ሰንዓን መጻኢኻ እንታይ ይመስል፧

ኣብ ምህዞን ሰንዓን ዝንባለ ኣሕዲረ ስለዘለኹ ካብዚ ብዝለዓለ ወኒ ክቕጽሎ እየ። ተማሂረ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ በጺሐ፡ ምህዞን ሰንዓን ክቕጽል ሕልመይ እዩ።

### ኣብ ትምህርቲኸ ሕልምኻ እንታይ እዩ፧

ትምህርተይ ብግቡእ ወዲአ፡ ነዚ ምህዞ ኣዕብየ ፓይሎት ክኸውን ሕልሚ ኣሎኒ። ነዚ ንምብቃዕ ድማ ካብ ሕጂ ኣትሒዘ ትምህርተይ ብግቡእ እከታተል ኣለኹ።

### ተመሃሮ ከምዚ ናትካ ኣብ ምህዞን ሰንዓን ንኽነጥፉ እንታይ ትብሎም፧

ምህዞን ሰንዓን ምስራሕ ኣብ ኣተሓሳስባኻ የዕብየካ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ኣጠቓቕማ ግዜኻ ስሩዕ ስለ ዝገብረካ ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ተመሃሮ ግዜኦም ኣብ ሞባይልን ምዝንጋዕን የባኽንዎ ስለ ዘለዉ ክጥንቀቑ እላበዎም።


### ኣብ መወዳእታ ክተመስግን ዕድል ክህበካ፧

መጀመርታ ንወለደይን ኣሕዋተይን ኣብ ኩሉ ስርሐይ ስለ ዘተባብዑኒ፡ ከምኡ'ውን ሞራል ንዝህቡኒ መምህራን ቤት ትምህርቲ ኮኾብ ጽባሕ ብልቢ ከመስግን እደሊ።

### የቐንየልና፡ ሓሳብ ልብኻ የስምረልካ፧

ኣሜን! ኣነ ድማ ንዝገበርኩምለይ ቃለ መሕተት ብልቢ ኣመስግን።

## ሕቶ ዝተመሳቐለ ቃላት




**ንትኹል**

2. መመሸጥ፡ መሰንተር
5. ወደየ፡ ተኸድነ
7. መላጥ፡ ጽጉሪ ዘይብሉ

**ንጋድም**

1. ሸፈነ፡ ወድአ
3. ካብ ንህቢ ዝርከብ ምቁር መግቢ
4. ካብ ኣካል እግርና
5. ፈጠረ፡ ተባላሓተ
6. ዓሰዓሰ
8. ፋዱስ እንምገቦ

## ጭርሖታት መዓልቲ ናጽነት ኤርትራ ብብዓመተ ምህረቱ

2ይ ክፋል

| | |
|---|---|
| 1998 | ከም ተኣምር ናጽነት ቅያ ኣብ ልምዓት |
| 1999 | ብዘይ ሃገር ክብረት የለን |
| 2000 | መዓልቲ ናጽነት መዓልቲ ጽንዓትን መኸተን |
| 2001 | ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ |
| 2002 | ብጉሳት ንወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ |
| 2003 | ሓይልና ኣብ ልምዓት ንኹሉ ድልዋት |
| 2004 | ጥሙራት ኣብ ማሕላ ሓንቲ ሰንደቕ |
| 2005 | ልዳት ሰብኣዊ ክብረትን ቍጠባዊ ሓርነትን |
| 2006 | ስራሕ ክብረት ዝህብ ክብሪ |

ይቕጽል....

ምንጪ፡ መጽሓፍ ኣብነት መዝገበ ቓላት

መም/ በሽር ዑመር (ሹም)


## ውድድር ሩቢክስ ኲብ

ፍቱዋት ተመሃሮ፡ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዓመት ብምኽንያት 24 ግንቦት መዓልቲ ናጽነት፡ ኣብ መንጎ ተመሃሮ ናይ ሩቢክስ ኲብ ውድድር ኣካይድና ምንባርና ይዝከር።

ሎሚ ዓመት'ውን ብምኽንያት 24 ግንቦት ውድድር ሩቢክስ ኲብ ክነካይድ ስለ ዝኾንና፡ ኩልኻትኩም ክእለት ሩቢክስ ኲብ ዘሎኩም ተመሃሮ ንኽትወዳደሩ ንዕድም።

* ግዜ ምዝገባ፡ ክሳዕ ዕለት 20-05-2026

ክተወዳደሩ እትደልዩ ተመሃሮ ብ 07190414 ደዊልኩም ክትምዝገቡ ትኽእሉ። ሰናይ ውድድር ንኹልኻትኩም ተመሃሮ።



ሰናይ ቅነ ናጽነት!

# ደቂ ኣንስትዮ

ሃማደኤ

ጓል ኣንስተይቲ፡ ኣደ ኮይና ንደቃ፡ ንብዓል ቤታ፡ ነሕዋታን ኣሓታን፡ ኮታ ንምሉእ ሕብረተሰብ ደኺመ ከይበለት ብፍቕርን ሓልዮትን እተገልግል ርህርህቲ ፍጥረት እያ። ብዙሓት ለባማት ንጓል ኣንስተይቲ ክገልጽዋ እንከለዉ፡ "ኣደ፡ ብርሃን ገዛ"፡ "ኣደ፡ ዓንዲ ገዛ" ይብልዋ። ቀልዓ ካብ እተወልደሉ ዕለት ኣትሒዙ፡ ንምሉእ ዕድመኡ ዝገጥሞ ቅኑዕ መንገዲ ህይወት እተርእዮ ናይ ፈለማ መምህሩ፡ ኣደ እያ። ኣደ፡ ካብ መሃይምነት ተናጊፋ ብፍልጠትን ትምህርትን ክበ ክትብል እንከላ፡ ብሉጻት፡ ንቑሓትን ለባማትን ቆልዑ ወይ ወለዶ ንሕብረተሰብ ተበርክት። እዚ ድማ፡ ምዕቡል ሕብረተሰብ ኣብ ምህናጽ፡ ጓል ኣንስተይቲ ዓቢ ግደን እጃምን ከም ዘለዋ እዩ ዘብርህልና።

እንተኾነ፡ እታ ክንደዚ ዝኣክል ኣገዳስነት ዘለዋ ጓል ኣንስተይቲ ወይ ኣደ፡ ኣብ ሕብረተሰብ እቲ ዝግብኣ ክብረት ይኹን ጻማ ክትረክብ ኣይጸንሐትን ክበሃል ይከኣል። መግዛእቲ፡ ኣባታዊ ወይ ማስፍናዊ ስርዓት ዝጠንቁ ድሑር ኣተሓሳስባታት፡ እምነታት፡ ባህልታትን ልምድታትን ድማ፡ ገለ ካብ'ቶም ጓል ኣንስተይቲ ኣብ ሕብረተሰብ ግቡእ ማሕበራዊ ቦታኣ ወይ ደረጃኣ ከይትሕዝ ከዕንቅጹ ዝጸንሑን ዘለዉን ምኽንያታት ከም ዝኾኑ ይእመን። ብዙሓት መንግስታት፡ ብጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ ዝግደሳ ሓያለ ማሕበራትን ውዳበታትን ከኣ፡ ነዚ ማሕንቖታት'ዚ ንምእላይ ኣብ ቀጻሊ ቃልሲ ይርከባ።

## ጅግንነት ቀዳሞት ደቂ ኣንስትዮና

ናብ ሃገርና ምልስ ኢልና ምስ እንምልከት፡ ክንዮ'ዘን ኣርባዕተ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ንምስባር ኣብ ዝተኻየደ ልዕሊ ርብዒ ዘመን ዝወሰደ ዕጥቃዊ ቃልሲ ዝተሳተፋን ማስተንክር ቅያታት ዝፈጸማን ኣሽሓት ደቂ ኣንስትዮና፡ ኣብ ዝተፈላለየ ዘመናት ጅግኑን ሰብ ታሪኽን ዝኾና ብዙሓት ደቂ ኣንስትዮ ከም ዝነበራና ይዝንቶ እዩ። የግዳስ፡ ታሪኽንን ቅያአንን ብግቡእ ከይተተረኽ እዩ ተኸዊሉ ክሓልፍ ጸኒሑ። በዚ ከኣ፡ ስእሊ ታሪኽና ምሉእ ኮይኑ ክርአ ኣይጸንሐን ክበሃል ይከኣል። ካብቲ ብዙሕ ኣብነታት ታሪኽ ደቂ ኣንስትዮ ሃገርና ውሑድ ንምጥቃስ፡ ኣብታ ኣብ 1905 ብኢጣልያዊ ሩፈሎ ፐርኒ ተጻሒፋ ዝተሓትመት 'መረብ ምላሽ' ዘርእስታ ኣገዳሲት መጽሓፍ ተመዝጊቡ ዝርከብ ሓጺር ታሪኽ ወ/ሮ ኣለን ሓጎስ - ኣደ ራእሲ ወልደንኪኤል ምርኣይ ይከኣል።

ኣብ 1837 ዓ.ም፡ ኣይተ ሰለሙን - ኣቦ ራእሲ ወልደንኪኤል፡ ብሰንኪ እርጋንን ሕማምን ክልተ መንእሰያት ኣውዳት ገዲፎም ሞቱ። ወልደንኪኤል ወዲ 15 ዓመት፡ መርዕድ ድማ ወዲ 14 ዓመት ነበሩ። ኣይተ ሰለሙን ክሞቱ እንከለዉ፡ ውክልና ደቆም ንብዓልቲ ቤቶም - ን ወ/ሮ ኣለን ሓጎስ እዮም ለቢዎኦም ዝገደፉ።


ወይዘሮ ኣለን ብዘበረን በሊሕ ኣእምሮ፡ ተባዕ ባህርያትን ደረጃአን ክብ ናይ ምባል ድልየትን፡ ድሕሪ ሞት ብዓል ቤተን፡ እቲ ንጮኽሪ ውላደን (ኣይተ ወልደንኪኤል) እዩ ዝብጽሖ ኣለን ዝጸብያኦ ዝነበራ ስልጣን ወይ መዝነት፡ ናብ ደግያት ሃይሉ እተባህሉ ብምትሕልላፉ ቅሳት ኣይረኸባን። በዚ ከኣ፡ ወ/ሮ ኣለን ድኻመን ከይጸብጸባ፡ "ስልጣን ንውላደይ እዩ ዝግባእ" ንምባል ናብቲ ሽዑ ጎይታ ትግራይ ዝነበረ ደጃት ውቢ ከዱ። ኣብቲ ዓዲ ብዘጋንሐ ሕማን ልምድን ድማ፡ ወ/ሮ ኣለን ዕድመ ወደን ንዓቕመ ምምሕዳር ክሳብ ዝበቅዕ፡ ኣብ ክንዲ ወደን ባዕለን ስልጣን ሒዘን ከመሓድራ ተፈቒደለን።

እቲ ዝተዋህበን ግዝኣት ጥንታዊ ሓማሴን ማለት፡ ክሳብ ምኽያው ቀላ እዩ ነይሩ። ወ/ሮ ኣለን ነቲ ዝተፈቕደለን ግዝኣት ሓማሴን ንምምሕዳር፡ ሓደ እሙን መተሓባበሪት ዓርት ሽሕ ኣብሉም ዝግሙ ወተሃደራትን ኣኸቲሉ ኣሰየኖ። እዚ ውሳኔ ግን ኣሉታዊ ሳዕቤናት እዩ ኣኸቲሉ። እቲ ምንታይሲ፡ ብኣንጻር እቲ ዝጸንሐ ልምድን ባህልን ሓማሴን፡ ብሰበይቲ ምምሕዳር ማለት ከም ውርደት ተቖጺሩ ስለ ዝተሓዝ፡ ኮይኑ ድማ ጸላእተን እንዳ ሃዘጋ ኣብ ጉረዕ ኣድብዮም ጸኒሖም ናብ ኲናት ኣእተወወን።

ተራር ሰበይቲ ብምንባረን ግን፡ ጥቕመንን ጥቕሚ ደቀንን ንኸውሕሳ፡ ብረት ኣብ ምልዓል'ውን ኣይሰነፉን። ንኣብነት፡ ኣብ ኲናት 'ዓዲዜን' ባዕለን ሰራዊተን መሪሐን ኣንጻር ተቓወምተን ገጢመን ስዒረን እየን። ከምኡ'ውን ኣብ ድሕሪዚ ዝሰዓበ ኲናት 'ምስጓን' - ኣንጻር እቶም ብኣይተ ኣሉላ - ሓው ደጊያት ሃይሉ እተመርሑ ተቓወምቲ፡ ባዕላ እያ ኲናት መሪሓ። ወ/ሮ ኣለን ኣብቲ ናይ ብረት ግጥም፡ ልክዕ ከምቲ ዋዕሮ ኣንበሳ ኩርኩር ሽደና መሪሓ ናይ ሃድን ጥበባት እተመሓላልፍ ኮይኑ መንእሰይ ዝነበረ ውላደን (ወልደንኪኤል) እውን ምስአን ናብ ኲናት የፍርኦ ነበራ። ከምኡ እናገበራ ከኣ ኣብ መወዳእታ ክሳብ ኣብ ደረጃ ራእሲ ኣብጺሐንኦ እየን።

ኣብ መወዳእታ፡ ወ/ሮ ኣለን ካብ ጸላእተን ሃዲመን ኣብ ቤት መቕደስ (ቤተ ክርስትያን) እየን ተዓቝበን ነይረን። ኮይኑ ግን ጸላእተን ኑቲ ናይ ዑቕባ ሰብኣውን ሕጋውን ክብርታት ጥሒሶም፡ ካብ ቤት መቕደስ ኣውጺኦም ኑየም ቀንዲ ጸላእተን ኣረከብወን። ንሳቶም ከኣ ኣሰርም፡ ብዘሕኽሕክሕ ኣሳቓየም፡ ኣረሜናዊ ብዝኾነ ኣገባብ ቀተልወን።

እቲ ዝገርም ግን፡ ኣብ ሕብረተሰብና እቲ ብሰፊሑ ዝዘንቶ ታሪኽ ራእሲ ወልደንኪኤል ደአ'ምበር፡ ታሪኽ ወ/ሮ ኣለን ኣይኮነን። ብመሰረቱ፡ እቲ ጅግንነት ናይ ወ/ሮ ኣለን እዩ ንራእሲ ወልደንኪኤል ክፍለጥን ኣብ ደረጃ 'ራእሲ' ክበጽሕን ዝገበረ። ቀዳሞት ወለድና፡ "ንርስቲ ይማኑታላ ኣንስቲ" ዝበሉሉ ምኽንያት'ውን ካብ ባዶ ዝበገሰ ከም ዘይኮነ፡ እዚ ናይ ወ/ሮ ኣለን ጭብጢ መርትዖ እዩ። እምበኣርከስ፡ ኣብ ሃገርና ዘይተዘንተወሉን ዘይተጻሕፈሉን ብዙሕ ዛንታታት ደቂ ኣንስትዮ ስለ ዘሎ፡ እዞም ምስ ስነ ጽሑፍ ሌላ ዘለና ጸሓፍቲ ብርዕና ኣልዒልና ነዚ ናይ ምጽሓፍን ምጽዋይን ሓላፍነትና ብግቡእ ክንዋጽኦ ይግባእ።



## ካብ ደቂ ኣንስትዮ ዓለም

- ተስ ክሪስቲን ዝተባህለት ጓል 60 ዓመት ብሪጣንያዊት፡ ን40 ዓመታት ዝኣክል ፍጹም ፍሽኽ ከይበለትን ከይሰሓቐትን ተጓዒዛ። እዛ ብመሓዙታ 'ሞናሊዛ' እናተባህለት እትጽዋዕ ሰበይቲ፡ ልዕሊ ክልተ ሰሶ ካብ ዕድመኣ



ማርሊን ቮስ ሳቫንት

ብዘይዝኾነ ፍሽኽታ ክትነብር ዝመረጸትሉ ምኽንያት፡ "ክምሲታን ስሓቕን ምዝውታር፡ ንቖርበት ገጽ ኣዕጢሩን ጨማዲዱን ኣረጊት ሰብ የምስለካ እዩ" ዝብል እምነት ስለዝነበራ እዩ። ስለዚ፡ ቆርበት ገጻ ንኸይዓጥርን ከይጨማደድን ክትብል፡ 40 ዓመት ካብ ፍሽኽታን ስሓቕን ተሓዪባ ማለት'ዩ። እቲ ዝያዳ ዘገርም ከኣ፡ ዋላ ንጮኽሪ ጓላ ኣብ ዝሓረሰትሉ እዋን ሓጎሳ ንምግላጽ ክትብል ፍጹም ክምስ ክትብል ዘይምኽኣላ እዩ። ከምኡ ብምግባራ ከኣ፡ ገጻ ክሳብ ሕጂ ናይ ጎርዞ ይመስል ከም ዘሎ ትገልጽ። ካብ እርጋን ክሃድም ዘይደሊ ሰብ'ኳ እንተዘየሎ፡ ናይዛ ሰበይቲ እዚኣ ግን ሕልፍ ዝበለ እዩ።

- **ማርሊን ቮስ ሳቫንት** ዝተባህለት ኣመሪካዊት ኣዳላዊት ዓምዲን ደራሲትን፡ እታ ዝለዓለ ብልሒ ሓንጎል ዘለዋ ሰብ ተባሂላ ስማ ኣብ ዓለማዊ መዝገብ ክብረ ወሰን ጊነስ ክተሰፍር ክኢላ። እዛ ሎሚ ጓል 79 ዓመት እኖሓጎ ኰይና ዘላ ሰበይቲ፡ ኣብ 1986 መጠን ብልሒ ሓንጎላ (IQ) 228 ድሕሪ ምልክዑ እያ "ዝበልሐት ሰብ" ተባሂላ ክሳብ ሕጂ ክብረ ወሰን ክትሒብጥ ክኢላ ዘላ። ገሌና፡ እቲ ዝበልሐ ሰብ ኣልበርት ኣይንስታይን ይመስለና ነይሩ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ኣንስታይን ግን፡ ዋላ ድኣ ደረጃ ብልሒ ኣእምሮኡ ብሰነ ፍልጠታዊ መልክዒታት ኣይፈተሸ'ምበር፡ ካብ 160 ክሳብ 190 ጥራሕ ከም ዝኾነ ሙብዝሕትኦም ክኢላታት ናይቲ ዓውዲ ይሰማምዕሉ።

- **ሩመይሳ ጀልጊ** ዝተባህለት ቱርካዊት ተሓላቒት፡ ተመራማሪትን ክኢላ ሶፍትዌርን፡ ኣብዛ ዓለም ብህይወት ካብ ዘለዋ ደቂ ኣንስትዮ እታ ዝቑመተት ጓል ኣንስተይቲ እያ። እዛ ኣብ 1997 ዝተወልደት ጓል 29 ዓመት መንእሰይ፡ 215.6 ሰንቲ ሜተር (2.15 ሜትሮ) ቁመት ኣለዋ። ንሳ ከም እትብሎ፡ ክትውለድ እንከላ'ውን 5.9 ኪ.ግ ክብደትን 59 ሰንቲ ሜተር ቁመትን እዩ ነይሩዋ።

- **ሶሚታ ስሪቫስታቫ** ዝተባህለት ጓል 48 ዓመት ህንዳዊት ሰበይቲ፡ ብእትውንኖ 236.22 ሰንቲ-ሜተር ዝንውሓቱ ዘውዛዋ ጸጉሪ ርእሳ፡ ኣብዛ ዓለም ክትውዳደራ እትኽእል ዝኾነት ጓል ኣንስተይቲ ክትረክብ ኣይከኣለትን ዘላ። ንሳ፡ ጸጉራ ክትምሽጦ እንከላ፡ ካብ ምሐር ምንዋሑ ናብ እግራ ወሪዱ ኣብ መሬት ገሲስ እናበለ'ዩ ዝኸይድ።

- **ኣብ ኢንስታግራምን** ካልኦት ማሕበራዊ መራኸቢታትን ልዕሊ 60 ሚልዮን ሰዓብቲ ዘለዉዋ ቤላ ሃዲድ ዝተባህለት ጓል 29 ዓመት ኣመሪካዊት ናይ ፋሽን ሞዴል፡ ብሳይንሳዊ መለክዒታት ኣብ ዓለም እታ ዝመልከዐት ጓል ኣንስተይቲ ኮይና ተረኺባ። እዛ ብትውልዲ ፍልስጤማዊት ዝኾነት ቆንጆ፡ ዛጊት ኣብ 29 ኣህጉራዊ ውድድር ምርኢት ቅዲ ክዳን ክትሳተፍ እንከላ፡ ኣብ 2023 ሓንቲ ካብ 100 ጸለውቲ ደቂ ኣንስትዮ ዓለምና፡ ኣብ 2016፡ 2017ን 2022ን ድማ ዝበለጸት ሞዴል ተባሂላ ብዝተፈላለያ ኣህጉራውያን መጽሔታት ተረቒሓ። ካብ 2018 ንደሓር ጥራሕ ካብቲ



ቤላ ሃዲድ

እተካይዶ ንጥፈታት ኣስታት 30 ሚልዮን ዶላር ኣታዊ ብምርካብ ኣብ ቅድሚት ተሰሪዓ እትርከብ ቤላ ሃዲድ፡ ኣብቲ ብኽኢላታት ዝቐረበላ ንጽባቐኣ ዝፍትሽ ሳይንሳዊ መለክዒታት፡ 94.35% ነጥቢ ብምምዝጋብ'ያ ቀዳመይቲ ዝመልከዐት ሰብ ክትከውን ክኢላ። ጓል 44 ዓመት ወርደይቲ ኣመሪካዊት - ኮሎምቢያዊት ደራፊት ቢዮንሰ ድማ 92.44% ነጥቢ ብምምዝጋቡ፡ ካልኣይቲ ዝመልከዐት ጓል ኣንስተይቲ ኰይና እግሪ እግራ ትስዕብ ኣላ።



ተስ ክሪስቲን

ከድጃ ኢብራሂም

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ውድድራት ኵዕሶ መርበብ ገማግም ባሕሪ ይቕጽል

### ትስፉዎት ተጻወትቲ ዝደመቑሉ ግጥም

ብምኽንያት በዓል ናጽነት፡ ብፌደረሽን ኩዕሶ መርበብ ዞባ ማእከል ተሰሪዑ ዝቕጽል ዘሎ ውድድራት ኩዕሶ መርበብ ገማግም ባሕሪ ብሎመስ ኣብ ሜዳ መዓከር ደንደን ብሓሙሽተ ጸወታታት ቀጺሉ።

ፈለማ ጋንታታት ደቂ ኣንስትዮ ሰላም ንፈንቅል ከምኡ'ውን ኣወላ ንማእከል ብዝተማሳሰለ 2-ብ0 ሰዒረንአን። ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ምኩራት ተጻወትቲ ዝሓቖፈት ጋንታ ተሰፋ፡ ዓብላልነት ብምርኣይ ንኣወላ 2-ብ0 ሰዒራታ። ንሽደን ተሰፋይ ዝጸንበረት ዓንበርበብ ከኣ ኒታ ብሉጽ ምንቅስቓስ ብምርኣያ ኣብ ተዓዚብቲ ናእዳ ዘትረፈትን ብሰናይ ደርጋው እትሰልጥኖን ፈንቅል ብጸቢብ 2-ብ1 ኣሰኒፋታ።

ናይቲ ዕለት ናይ መዛዘሚ ጸወታ ዘዩዳ ምኩራት ተጻወትቲ ዝሓዘትን ኣብ ፈላሚ ጸወታ ስዕረት ዝቖመሰትን ኣረብ፡ ምስኡም ናብ ቀዳማይ ዲቪዥን ብምስጋር ኣብ ውድድራት ኩዕሶ መርበብ ገማግም ባሕሪ ንፈለማ ግዜኦም ዝሳተፉ ዘለዉ ትስፉዎት ተጻወትቲ ጴጥሮስ የማነ መራሕ የናሰን ዝሓቖፈት ማእከል እያ ተራኺባ። ኣረብ ኣብ ቀዳመይትን ካልኣይትን ሴት ዘለዋ ወሃለል ተመክሮ ተጠቒማ ድማ ንጸወታ 2-ብ0 መኺተምታ ገይራትሉ።

እዚ ውድድር ጽባሕ ካብ 8፡00 ቅ.ቀ ክቕጽል እዩ።



## ድባርዋ - ቅድድም ብሽክለታ ቀጺሉ

ብምኽንያት በዓል ናጽነት ዝቕጽል ዘሎ ቅድድም ብሽክለታ ማውንቴን ባይክ ንኡስ ዞባ ድባርዋ፡ ዝሓለፈ ሰንበት ራብዓይ መድረኽ ኣሰላሲሉ።

በዚ መሰረት፡ ደቂ ኣንስትዮ 27 ኪሎሜተር ተሰሪዑለን፡ ኣብ ሰዓት ብማእኸላይ 20 ኪሎሜተር እናጓዘራ ኩሉ ብሓደ ሰዓትን 35 ደቒቕን ወዲኣናኦ። ሳምራዊት ደበሳይ፡ ቀዳመይቲ ክትኣቱ እንከላ፡ መርሃዊት ክፍሉ፡ ኮኾብ ኣብርሃም፡ የርሳሌም ማሪቆስ፡ መዚት ተስፋልደትን ቅሳነት በርኸትን ካብ ካልኣይቲ ክሳብ ሻዱሻይቲ ኣትየን።

22 ኪሎሜተር ካብ ዝሸፈኑ ራብዓይ ዲቪዥን ደቂ ተባዕትዮ፡ ሄርሞን ወልደሚካኤል ተዓዊቱ። እሰይ ሰዒረ፡ ነብይ ሃብተየሱስ፡ ኣቤል የውሃንስ፡ ቶማስ ቢንያምን ኣሚናዳብ የናሰን ካብ ካልኣይ ክሳብ ሻዱሻይ ኣትዮም።

ሳልሳይ ዲቪዥን 27 ኪሎሜተር ተሰሪዑሎም፡ ናኣድ ዑቕባይ ድማ ንመኪታር ሓሰነ፡ ሳምሶም ኢያሱ፡ ኣቤል በርኸት፡ ሚልኪያስ ዳኒኤልን ፋኒኤል እስቲፋኖስን ኣኸቲሉ ተዓዊቱ።

ካልኣይ ዲቪዥን 54 ኪሎሜተር (30 ዙርያ) ክሰርዑሎም እንከሎ፡ ኣብታ ዝበረት ናይ መንኮ ጸወታ ቅጽቢታዊ ውድድር (ኢንተርሚደይት) ሰለሙን ሳምሶም፡ መራሕ መሓሪን ኤሽን እዮብን ተመራሪሖም ኣትዮም።

እዞም ዲቪዥን ንዝተሰርዓሎም ውድድር ብ1 ሰዓትን 7 ደቒቕን ክዛዝምዎ እንከለዉ፡ ሰሎሞን ሳምሶም ካብ ጋንታ ምስሎም እዩ ቀዳማይ ኣትዩ። ሚኪ ሳምሶም ጋንታ መረብ፡ ሚካኤል ሃይለ ካብ ምስሎም፡ ኤሽን እዮብን ሰራቅ የዕበዮን ካብ ገዛ ሳማ፡ ብርሃ ይብራህ ካብ መረብ ክሳብ ሻዱሻይ ዝሎ ደረጃ ሒዞም።

ብዮማዊ ሰረት ተበጊሱ ኣብ ዘሎ ናይ ቀዳማይ ዲቪዥን፡ ኣብ ተቐዳደምቲ እፍይታ ፈጢሩ ኣብ ዝርከቡሉ እዋን፡ ጋንታ ምስሎም ብጠፊሕ ፍልልይ ነጥቢ ንጋንታታት ገዛ ሳማን መረብን ትመርሐን ኣላ።

ኣብቲ 30 ተቐዳደምቲ 72 ኪሎሜተር ዝሸፈኑ ውድድር ድማ፡ ኣብ መንኮ ኣብ ዝበረት ናይ ነጥቢ ቅጽቢታዊ ውድድር፡ ሳይሞን የናስ ካብ ገዛ ሳማ ንኣሚናዳብ ርእሶም ካብ መረብ፡ ኤሽን ተስፋይ ካብ ምስሎም ኣኸቲሉ ቀዳማይ ኣትዩ።

ተቐዳደምቲ ኣብ ሰዓት ብማእኸላይ 33 ኪሎሜተር እናረገጹ ብ2 ሰዓትን 4 ደቒቕን ኣብ ዝዛዘምዎ ውድድር ድማ፡ ሳይሞን ጸገዘኣብ ካብ ጋንታ ገዛ ሳማ ቀዳማይ ኣትዩ። ናትናኤል ጼጋይ ካብ ምስሎም፡ ኣሚናዳብ ርእሶም ካብ መረብ፡ ያፌት የማነ ተማሰነን እያሱን ካብ ምስሎም፡ ከምኡ'ውን ሰም ዳዊት ካብ መረብ ክሳብ ሻዱሻይ ከምዝኣተዉ ወከል ዜና ናይታ ከተማ ሓቢሩ።



## ናህም፡ ደረጃኡ ኣመሓይሹ

ተቐዳዳማይ ባይክ ኤይድ - ናህም ኤፍሬም፡ ትማሊ. ዓርቢ. ኣብ ሳልሰይቲ መድረኽ ዙር ሄላስ ኣብ መንጎ ጸወታ ብዘኸሰቦ ነጥቢ፡ ኣብ ናይ ሹኣ ማልያ ደረጃኡ ክብ ኣቢሉ።


እዛ መድረኽ፡ 207 ኪሎሜተር ዝሸፈነት እታ ዝነውሐትን ኣዚያ በዳሂትን መድረኽ ናይቲ ውድድር እያ። ክልተ 10.5 ኪሎሜተር ዝነውሓተን ናይ ሓደ ካታጎሪ ዓቐበታት ዝሓበራ እዛ መድረኽ፡ ኣብ መንጎ ጸወታ ክልተ ናይ ነጥቢ ቅጽቢታዊ ውድድር (ኢንተርሚደይት) ነይረናኦ።

ናህም፡ ኣብ ሓንቲ ካልኣይ ብምእታው፡ ኣርባዕተ ነጥቢ ከሰበ።

ነዛ መድረኽ ብ5 ሰዓት፡ 35 ደቒቕን 14 ካልኢትን ሆላንዳዊ - ጃለ ጅፕሂክ እዩ ተዓዊቱላ። ተቐዳዳማይ ባይክ ኤይድ - ኤሽን የማ፡ 8 ደቒቕን 49 ካልኢትን ድሒሩ መበል 22፡ ኣባል ቡርጌስ መርሃዊ ቅዱስ ከኣ፡ 10 ደቒቕን 2 ካልኢትን ደንጕዩ መበል 25 ኣትዩ። ናህም ድማ፡ 21 ደቒቕን 50 ካልኢትን ድሒሩ መበል 51 ደረጃ ሒዙ።

በዚ ወጽኢት፡ ጃለ፡ ካብቲ ብዮጊ ማልያ ሒዞዋ ዝጸንሐ ማትስ ኣቮንድትስ ተቐቢሉዋ። ኣባል ባይክ ኤይድ - ክሪስቲያንስ፡ ብ20 ነጥቢ ቀጠልያ ማልያ ሒዝዋ ኣሎ። ናህም፡ በዚን ዝኸሰቦን 15 ነጥቢ ኣዋህሊሉ፡ ካብ ሻሙናይ ናብ ሓሙሻይ ሓኺሩ ኣሎ።

እዚ ውድድር፡ ሎሚ ኣብ ራብዓይ መድረኽ 180.9 ኪሎሜተር ሽፊኑ ክውዕል እዩ።




## ማድሪድ፡ ንቫልቨርደን ቾመኒን ክትቀጽዮም . . .

ሪያል ማድሪድ፡ ዝሓለፈ. መዓልቲ ንዘዘቶኦሱ ተጻወትታ ፌደሪኮ ቫልቨርደን ኣውረሌ ቾመኒን ክትቀጽዖም ምኳና ተገሊጹ።

እዞም ክልተ ወሰንቲ ኣከፋፈልቲ፡ ድሕሪ'ቲ ኣብ እዋን ልምምድ ምግርፋጦም፡ ኣብ መቐየሪ ክፍሊ. ምብኣሶም ይግለጽ። ኣብ እዋን'ቲ ባእሲ. ከኣ፡ ቫልቨርደ፡ ኣብ ግንባሩ ብጣዕሚ ስለዝሰረሞ፡ ናብ ሆስፒታል ኣቕኒዑ። ክሳብ ክልተ ሰሙንቲ ናይ ተሃድሶ ግዜ ከምዘድልዮ'ውን ተገሊጹ።

እዚ ኣራጋጻዊ፡ ድሒሩ ብዘውጽኦ መግለጺ፡ ናይ ወሸጦም ምስጢር ኣሕሊፎም ዝሀብዎ ደቂ ጋንታኡ ከምዘለዉ. ብምግላጹ፡ ንቾመኒ ዘቐንዐ ምኳኑ ይሕብር።

ሓደ ክኢላ ቀጸራ ዝ. ጉዳይ ትምርምሮ ምህላዋ እትግልጽ ማድሪድ፡ እዞም ተጻወትቲ፡ ሕጋዊ መግለጺኦም ሒዞም ክቐርቡ ግዜ ክትቀጽረሎም እያ። ብመሰረት ናይ ስፓኛ ጋዜጣ ሙንዶ ደፖርቲቮ፡ ካብ 10 ክሳብ 30 መዓልታት ካብ ስራሕን መሃያን ክእለዩ እዮም - በዚ. ጉዳይ ተሓተትቲ እንተኾይኖም። ከምኡ'ውን፡ ሃዋህው ናይዛ ጋንታ ብምዝራጎምን ምጥሓሶምን፡ ፋይናንስያዊ መቕጻዕቲ ክወሰደሎም ይኽእል እዩ።

ኣቐዲሙ'ውን፡ ኣንቶኒዮ ሩዲገር ንኣልቫሮ ካረራስ ብምፍጻዑን ገለ ተጻወትቲ ንዖሬሊኦም ኣልቫሮ ኣልበሎኣ ዘይሰምዑ ምህላዎም ብምግላጹ፡ ዛ ጋንታ ኣብ ቅልውላው ኣእትዩዋ ደርኩቡ። ጽባሕ ሰንበት ኣንጻር ቀንዲ መተሃላለኽታ ባርሴሎና ናይ ኤልክላሲኮ ዓቢ. ጸወታ እናተጸበያ ድማ እያ፡ ብውሽጣ ትሕመስ ዘሎ። ቫልቨርደ፡ ሰሪ መጉዳእቲ ክሰራቶ እናሃለወት፡ ንቾመኒ ከም መቕጻዕቲ እንተኣልይዎ ከኣ፡ ኣብ ማእከል ምክፋል ዓቢ. ሃጓፍ ክፍጠር እዩ።

ባርሴሎና፡ እንተተዓዊታ ማዕረ'ውን እንተወጺኣን፡ ሻምፕዮንስ ላ'ሊጋ ምኳና ከተረጋግጽ እያ።

## ሮናልዶ፡ ናይ ፈለማ ተጻዋታይ . . .

ሓለቓ ጋንታ ኣል ነስር - ክሪስቲያኖ ሮናልዶ፡ ኣብ ታሪኽ ኩዕሶ እግሪ ናይ ፈለማ ተጻዋታይ ኣብ ሰለስተ ሊጋት 100 ሸቶታት ዘመዝገበ ኮይኑ።

ኣል ነስር፡ ሓሙስ ምሸት፡ ኣብ መበል 32 ናይ ሊግ ጸወታኡ፡ ሰለስተ ካብ ጃእ ፈለክስ ሓንቲ ካብ ሮናልዶ ሸቶታት ረኺቡ ንኣል ሻባብ 4-ብ2 ሰዒራታ። ሮናልዶ ከኣ፡ መበል 100 ናይ ሊግ ሸቶኡ ጸምቢሉ።

እዚ ፖርቱጋላዊ ወዲ 41 ዓመት ብርቂ ተጻዋታይ፡ ኣቐዲሙ ብማልያ ማን ዩናይትድ ኣብ 236 ግጥማት ፕሪመር ሊግ 103 ሸቶታት፣ ምስ ሪያል ማድሪድ ብምኻን ድማ፡ ኣብ 292 ጸወታታት ላ'ሊጋ 311 ሸቶታት ኣቑጺሩ። ኣብ 105 ናይ ሊግ ስዑዲ ዓረብ ግጥማት ድማ፡ 100 ሸቶታት በጺሑ ኣሎ።




ንሊግ ስዑዲ ዓረብ ብ82 ነጥቢ. ትመርሐ ዘላ ኣል ነስር፡ ዝመጽእ ሰሉስ ድሕሪኣ ምስ ዘላን ቀንዲ መተሃላለኽታን ኣል ሂላል ወሳኒ ናይ ሊግ ጸወታ ይጸንሓ። ኣል ሂላል፡ ሓንቲ ጎደሎ ጸወታ እንከለዋ፡ ብሓሙሽተ ነጥቢ. ካብ ኣል ነስር ድሒራ ትርከብ።

## ግምት ክሪስ ስቱንን ኮምፕዩተርን ኣብ መበል 36 ግጥማት ፕሪመር ሊግ

| | | |
|---|---|---|
| ሊቨርፑል - ቸልሲ. | ብራይተን - ዎልቭስ | ፉልሃም - ቦርንማውዝ |
| ስቱን፡ 2 - 1 | 2 - 0 | 1 - 2 |
| ኮምፕዩተር፡ 2 - 1 | 3 - 0 | 1 - 2 |
| ሳንደርላንድ - ማን ዩናይትድ | ማን ሲቲ - ብሬንትፎርድ | ኖቲንግሃም - ኒውካስል |
| ስቱን፡ 1 - 1 | 3 - 1 | 1 - 1 |
| ኮምፕዩተር፡ 1 - 2 | 3 - 1 | 1 - 2 |
| ፓላስ - ኤቨርተን | በርንሊይ - ኣስቶን ቪላ | ዌስት ሃም - ኣርሰናል |
| ስቱን፡ 0 - 1 | 0 - 2 | 1 - 3 |
| ኮምፕዩተር፡ 1 - 1 | 1 - 2 | 1 – 3 |
| ቶተንሃም ሊድስ | | |
| ስቱን፡ 2 - 1 | | |
| ኮምፕዩተር፡ 2 - 1 | | |

## መደብ ጸወታ

ሎሚ

ፕሪመር ሊግ መበል 36 ሰሙን

ሊቨርፑል - ቸልሲ. 2፡30 ድ.ቀ

ፉልሃም - ቦርንማውዝ 5፡00 ድ.ቀ

ሳንደርላንድ - ማን ዩናይትድ 5፡00 ድ.ቀ

ብራይተን - ዎልቭስ 5፡00 ድ.ቀ

ማን ሲቲ - ብሬንትፎርድ 7፡30 ድ.ቀ

## መንዲ፡ ማህሰይቱ ከቢድ ምኳኑ ተሓቢሩ

ዝሓለፈ. ሰሙን ኣብ ጼጋመይቲ እግሩ ናይ ጭዋዳ ማህሰይቲ ዘጋጠሞ ናይ ጼጋም ክንፊ ተኸላኻሊ. ሪያል ማድሪድ - ፈርላንድ መንዲ፡ ማህሰይቱ ካብ ዝተገመቶ ንላዕሊ. ከቢድ ምኳኑ ተገሊጹ።

ማድሪድ፡ ንእስፓኞል 2-ብ0 ኣብ ዝሰዓረሉ ናይ ላ'ሊጋ ጸወታ እዩ ተቓይሩ ክወጽእ ተቐሲቡ - እዚ. ፈረንሳዊ። ድሕሪ ዝተኻየደሉ መርመራ፡ ሰሪ'ዚ. ማህሰይቲ ንሓሙሽተ ኣዋርሕ ካብ ጸወታ ክርሕቕ ተገሚቱ ነይሩ።

ትማሊ. ዝወጸ ሓዱሽ ሓበሬታ ግን፡ እንተውሓደ ንሓደ ዓመት ካብ ጸወታ ክርሕቕ እዩ። እዚ. ወዲ 30 ዓመት፡ ዓሚ'ውን መጥባሕቲ ዘካየደሉ ተመሳሳሊ. ማህሰይቲ ኣጋጢምዎ፡ ንሽዱሽተ ኣዋርሕ ተኣልዩ ነይሩ። ኣብዚ. ወቕቲ'ውን ሰሪ ተደጋጋሚ ማህሰይቲ ክንዮ ትሽዓተ ግጥማት ኣገልግሎት ኣይሃበን።

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ትራምፕ፡ ስምምዕ ሰላም ኣመሪካ-ኢራን፡ ብሓደስቲ ምዕባለታት ከም ዘይጽሎ ኣፍሊጡ



ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ እቲ ዝሓለፈ ሓሙስ ኣብ መጽበብ ሆርሙዝ፡ ኣብ መንጎ ሰራዊት ሃገሩን ኢራንን ዘተወልዐ ግጭት፡ ነቲ ተግባራዊ ኮይኑ ዘሎ ግዜያዊ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ከም ዘይጸልዎ ሓቢሩ።

ክልተአን ሃገራት፡ ነቲ ዝሓለፈ ሓሙስ ኣብ ሰዓታት ለይቲ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ኣመልኪተን ንሓድሕደን ይኻሰሳ ኣለዋ።

ኣመሪካ፡ ኣብ ልዕሊ ኢራን ዝኾነ መጥቃዕቲ ዘይፈደት ክንሳ፡ ኢራን ግን ኣብ ልዕሊ ሰለስተ መራኽብ ወግኣ መጥቃዕቲታት ሚሳይላት፡ ሰብ ኣልቦ ነፈርትን ንኣሾቱ መራኽብ ወግእን ከም ዘፈደት እያ ትወቕስ ዘላ።

ኢራን ብወገና፡ ኣመሪካ ብመጽበብ ሆርሙዝ ንዝንቀሳቐሳ ዝነበራ ክልተ መራኽብ ዒላማ መጥቃዕቲ ከም ዝገበረተን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ገማግም ባሕራ ናይ ኣየር መጥቃዕቲታት ከም ዘፈደት ከሲሳ ኣሎ።

ከም ግብረ መልሲ ናይቲ ኣብ ልዕሊኣ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲታት ከኣ፡ ኣብ ልዕሊ ወተሃደራውያን መራኽብ ኣመሪካ መጥቃዕቲ ብምፍጻም ጉድኣት ከም ዘውረደት ኣረጋጊጻ ኣላ።

እቲ ግጭት፡ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኢራን፡ ነቲ ኩናት ንምብቃዕ ብኣመሪካ ንዝቐረበ እማመ የጽንዖ ከም ዘሎ ድሕሪ ምግላጹ ድሕሪ ሓደ መዓልቲ እዩ ዝፍጸም ዘሎ።

ፕረዚደንት ትራምፕ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ 'ትሩዝ ሾሻል' ኣብ ዘዘርገሖ ሓበሬታ፡ ኢራን ነቲ ቀሪቡላ ዘሎ እማመ ሰላም እንተ ዘይተቐቢላቶ፡ ሰራዊቱ ኣብ ልዕሊኣ 'ሓያል' ዝበሎ መጥቃዕቲ ከካይድ ምዃኑ ኣጠንቂቑ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኢራን ዓባስ ኣራግቺ፡ ነገራት ብዲፕሎማሲ ክፍትሐ ኣብ ዝተቓረበሉ እዋን፡ ኣመሪካ ኩሉ ግዜ ዘዩድሲ ወተሃደራዊ መጥቃዕቲታት ከም እትፍጽም ድሕሪ ምኽሳሱ፡ እዚ ሜላ እዚ ግን ኣብ ኢራን ከም ዘይሰርሕ ኣገንዚቡ።

## ኣመሪካ፡ ሕ/ኤውሮጳ ንዘቕረበሉ እማመ ንግዲ ክቕበሎ ኣተሓሳሲባ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ሕብረት ኤውሮጳ ነቲ ብምምሕዳሩ ዝቐረበሉ እማመ ውዕል ንግዲ ክሰማምዓሉ፡ ክሳብ 4 ሓምለ ግዜ ሂብዎ ከም ዘሎ ሓቢሩ።

ፕረዚደንት ትራምፕ ኣብ ሓበሬታኡ፡ እቲ ሕብረት ነቲ እማመ እንተ ዘይተቐቢልዎ ግና፡ ኣብ ልዕሊኡ ወሲንዎ ዘሎ መጠን ቀረጽ ክብ ከብሎ፡ እንተ ተሰማሚዑሉ ከኣ ነቲ መጠን ቀረጽ ናብ ባዶ ከውርዶ ምዃኑ ኣሕፈሩ ኣሎ።

ፕረዚደንት ትራምፕ፡ እዚ መግለጺ ዝሃበ ዘሎ፡ ድሕሪ ምስ ፕረዚደንት ኮሚሽን ኤውሮጳ ኡርሱላ ፎን ደር ላየን ዘካየዶ 'ጽቡቕ' ክብል ዝገለጾ ዝርርብ እዩ።

እቶም ክልተ ሰበ ስልጣን ኣብ ዝርርቦም፡ ኢራን ንዳብሎሳዊ ኣጽዋር ክትውንን ከም ዘይብላ'ውን ከም ዝተሰማምዑ ተፈሊጡ ኣሎ።




## ማሊ - ዕጡቓት ጉጅለታት ብዙሓት ሰባት ቀቲሎም



ኣብ ማእከላይ ክፋል ማሊ ኣብ ዝርከብ ክልተ ቁሸታት፡ ጅሃዳውያን ዕጡቓት ብዝፈጸሙዎ መጥቃዕቲ፡ ብዓሰርተታት ዝቑጸሩ ሰባት ከም ዝተቐትሉ ተሓቢሩ።

ብመሰረት ሓበሬታ ናይ ዓይኒ መሰኻኽር፡ እቶም ዕጡቓት ጉጅለታት ኣብ 'ኮርኮሪ'ን 'ንምሶሳ'ን ዝተባህላ ቁሸታት ብዝፈጸምዎ መጥቃዕቲታት፡ ብውሑዱ ካብ 30 ክሳብ 50 ሰባት ተቐቲሎም።

ምስ ኣልቃዒዳ ምትእስሳር ዘለዎ ጀኒምን ዝተባህለ ዕጡቕ ጉጅለ፡ ነቲ መጥቃዕቲ ሓላፍነት ወሲዱ ኣሎ።

ሰራዊት ማሊ ብወገኑ፡ ኣብቲ ከባቢ ብዘካየዶ ወተሃደራዊ ስርሒት፡ ከባቢ ዓሰርተ ዕጡቓት ክቕትል እንከሎ፡ ሓደ ናይ ሎጂስቲክ ቑጠባዊ ነቑጣኦም ከም ዘዕነወ ኣሕፈሩ።

ግንባር ሓርነት ኣዛዋድን ዕጡቕ ጉጅለ ጀኒምን፡ ብ25 ሚያዝያ ብዝፈጸምዎ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ልዕሊ ጥማሮን ካልኦት ከተማታትን ከፊላዊ ዕጽዋ ኣንበርዎም ይርከቡ።

ብሰንኪ'ቲ መጥቃዕቲ፡ ሰራዊት ማሊ ካብ ሰሜናዊት ከተማ ኪዳል ክስሕብ ድሕሪ ምግዳዱ ከኣ፡ ህዝቢ ኣብ ልዕሊ እቲ ኣብ ኑሓሰ 2020 ስልጣን ዝሓዘ ወተሃደራዊ መንግስቲ ክጠራጠር ጀሚሩ ከም ዘሎ ይግለጽ።

መንግስቲ ማሊ፡ ምስ ጐረባብቲ ሃገራት ኒጀርን ቡርኪናፋሶን ብምዃን ኣብ ልዕሊ እቶም ዕጡቓት ናይ ኣየር መጥቃዕቲ የካይድ ምህላዉ እዩ ዝሕብር።

ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ ሰፊሕ ቦታታት ሰሜናውን ምብራቓውን ክፋል ናይታ ሃገር ካብ ቁጽጽር መንግስቲ ወጻኢ ኮይኑ ምህላዉ፡ ምንጭታት የመልክቱ።

## ጫድ፡ ሰዓታት እቶ እቶ ትእውጅ

ጫድ፡ ዕጡቓት ቦኮ ሓራም ኣብ ልዕሊ ናይ መንግስቲ ወተሃደራት ብዝፈጸምዎ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ክፍለ ሃገር ላኬ ን20 መዓልታት ዝጸንሕ ሰዓታት እቶ እቶ ከም ዝኣወጀት ተሓቢሩ።



ብመሰረት መግለጺ ሰራዊት ናይታ ክፍለ ሃገር፡ እቲ ናይ ሰዓታት እቶ እቶ ኣዋጅ፡ ካብ 7 ክሳብ 27 ግንቦት ክጸንሕ እዩ።

ኣብ ውሽጢ'ዚ ዝተጠቕሰ ግዜ፡ ሓይልታት ጸጥታ፡ ድሕነት ህዝቢን ንብረትን ናይታ ክፍለ ሃገር ንምውሓስ ኣድላዪ ስጉምቲታት ክወስዱ፡ ብላዕለዎት ሰበ ስልጣን ትእዛዝ ተመሓላሊፉ ኣሎ።


ዝሓለፈ ሰኑይ፡ ዕጡቓት ቦኮ ሓራም፡ ኣብታ ክፍለ ሃገር ኣብ ዝርከብ ወተሃደራዊ መዓስከር 'ደሴት ባርካ ቶሎሮም' ብዝፈጸምዎ መጥቃዕቲ፡ 23 ወተሃደራት መንግስቲ ክቕተሉ እንከለዉ፡ ካልኦት 26 ድማ ምቑሳሎም ዝዘርዘረ እዩ።

ማዕከናት ዜና ጫድ፡ ዝሓለፈ ረቡዕ እውን ካልእ መጥቃዕቲ ከም ዝተፈጸመ ምሕብሮን እዩ ዝገለጸ።

እቲ መጥቃዕቲ ኣብ ህይወት ሰብ ብዝሒ ዘውረዶ ክሳራታት ብዝምልከት ግን፡ ዛጊት ዝኾነ ወግዓዊ ሓበሬታ ኣይተዋህበን ዘሎ።

ላኬ ምስ ናይጀርያ፡ ኒጀርን ካሜሩንን ኣብ ዝዳወብ ከባቢ ቀላይ ጫድ እትርከብ ክፍለ ሃገር እያ።

ኣብዛ ክፍለ ሃገር እዚኣ፡ ዕጡቓት ቦኮ ሓራምን ምስኦም ምትሕሓዝ ዘለዎም ካልኦት ዕጡቓት ጉጅለታትን ተደጋጋሚ መጥቃዕቲታት ከም ዘካይዱ፡ ጸብጻባት የመልክቱ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ኤደን | 09/05/2026 | ከባቢ ዩኒቨርሲቲ ጥቓ ባርሊድያ | 110740 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services